ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.288 | ሰንበት 2 ነሓሰ 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ኣገዳስነት ምሕደራ ጸጋታት...



ገጽ 4
ማእሰርቲ ጂኦግራፊ'ዶ...



ገጽ 5
ሊላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን...


ገጽ 6
ምልክታ

# ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ንኣብነታውያን መምህራን ደቂኣንስትዮ ሸሊሙ

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ምስ ናይ ስራሕ መሻርኽቱ ብምውህሃድ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ካብ 10 ክሳብ 32 ዓመታት ኣገልግሎት ንዘህባ ዘለዋ ኣብነታውያን መምህራን ደቂኣንስትዮ ሸሊሙ።

ብ30 ሓምለ ኣብ ኣሕዳሪት ቤት-ትምህርቲ ጎኖ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ መምህር ያሲን መሓመድ፡ ዕላማ ናይ'ቲ መደብ፡ ነተን ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዝተዋፈራ መምህራን ደቂኣንስትዮ ብምትብባዕ፡ ኣብ ካልኦት መምህራን እወታዊ ጽልዋ ንምፍጣር ከምዝኾነ ገሊጹ።

ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ ብወገና፡ ኣቓዲሙ ንተመሃሮ ደቂኣንስትዮ ንምትብባዕን ተሳታፍነትን ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ንምዕባይን ዝዓለመ መደብ ብደረጃ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ብፍላይ



ኣብ ዞባታት ዓንሰባ፡ ጋሽ-ባርካ፡ ከምኡ'ውን ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ ክውሰድ ምጽንሑን እወታዊ ጽልዋ ከምዘሕደረን ብምጥቃስ፡ እዚ ብጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ጋሽ-ባርካ ተወሲዱ ዘሎ ተበግሶ፡ ንሽልማት ንዘበቕዓ መምህራን ረዚን ሓላፍነት ዘሰክምን ዓጸፋ ክጽዕራ ዘተባብዕን ብምዃኑ፡ ተወሰኽቲ መምዘኒታት ኣማሊኡ ክሰፍሕ ተላቢዩ።

ንኣብነታውያን ምትብባዕ ናይ ስራሕ ወኒ ዘበርኽን ቅዱስ ቅንኢ ዘሕድርን ኣገዳሲ መደብ ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ድማ፡ ኣብ'ዚ ፈላሚ መድረኽ ዝተሓርያ ደቂኣንስትዮ መምህራን፡ እቲ ዝረኸብኦ ኣፍልጦን ሸልማትን ናይ መወዳእታ ናይ ኣበርክቶን ብቕዓትን ብራኽ ከምዘይኮነ ተገንዚበን፡ ዓጸፋ ክሰርሓን ኩብርታት ምምህርና ናብ ንኣሽቱ ወለዶታት ኣብ ምትሕልላፍ ኣበርቲዐን ክጽዕራን ኣተሓሳሰበ።

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ 41 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከባኦም 7,412 መምህራን ከምዘለዉ፡ ሰነዳት ጨንፈር ትምህርቲ የነጽር።

# ምም/ ዞባ ማእከል፡ መደባት ቀዳማይ መንፈቕ ገምጊሙ

ምምሕዳር ዞባ ማእከል ብ31 ሓምለ ኣብ ዘቃነየ ኣኼባ፡ ገስጋስ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ 2026 ክትግበር ተወጢኑ ዝነበረ ምምሕዳራዊ፡ ልምዓታውን ትሕተ-ቅርጻውን መደባት ገምጊሙ።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ዕላማ - ኣብ 2025 ተበጊሱ ኣብ 2026 ክዕየ ኣብ ዝተሰጋገረ ፕሮጀክታት ምርኩስ ብምግባር፡ ዝነበረ ብልጫታት ብምዕቃብ ዝተራእየ ድኽማት ንምውጋድ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ሓለፍቲ ክፍልታትን ጨናፍርን



ብወገኖም፡ ሞያዊ ዓቕሚ ሰራሕተኛታት ንምዕባይ ዝተኻየደ ስልጠናታት፣ ቀረብ ማሕበራዊ




ኣገልግሎታት ንምውሓስ ዝተወሰደ ስጉምቲ፣ መስርሕ ጽገና ናይ ቅጥራንን ሓመድን ጽርግያታትን መንገዲ ኣጋርን፣ ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ድሕነት ዜጋታት ንምርግጋጽ ዝተሰላሰለ መደባት ዝምልከት፡ ብኣሃዛት ዝተሰነየ ጸብጻባት ኣቕሪቦም።

ኣብ 2026 ዝተሰርሐን ዝተጸገነን ዛላታትን ኩትርታትን ብመንጽር 2025 ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ ድማ፡ ሕርሻዊ ዛላ ብ48 ሚእታዊት፣ ኩትርታት ብእምኒ ከኣ ብ95 ሚእታዊት ዕቤት ከርኢ ከሎ፡ ቅናታዊ ዛላ ብ72 ሚእታዊት ከምዝዓበየ በሪሁ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻባት ድሕሪ ዘካየድዎ ክትዕ፡ ብቐንዱ ኣብ ቀረብን ምቕርሓን ዝስተ ማይ ዕቱብ ቁላሕታ ክግበር፣ ዝተባላሸወ መስመራት ጽሩይ ማይን ረሳሕ ፈሳስን ብቕልጡፍ ክጽገን፣ ከምኡ'ውን ናይ ቅጥራንን ሓመድን ጽርግያታት ቁላሕታ ክግበረሉ ዝብልን ካልእን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳራት ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ዝውጠን መደባት ልምዓት፡ ብዘወጻሉ ናይ ግዜ ሰሌዳ ብምልኣት ንኽትግበር ዝሕግዝ መማእዘኒ ሓሳባት ሂቡ።

## ተጋዳላይ ተስፋሚካኤል ገብረሂወት ተሰዊኡ



ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ተኣላዪ ሰንከል - ጉዳም ተጋዳላይ ተስፋሚካኤል ገብረሂወት ዑቕባገርግሽ (ዓረዛ)፡ ብ31 ሓምለ ኣብ መበል 66 ዓመት ዕድሚኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ 1974 ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈን ኣብ 1975 ናብ ህዝባዊ ግንባር ዝተጸንበረን ተጋዳላይ ተስፋሚካኤል፡ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ክሳብ ብደረጃ ሓላፍነት ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ስውእ ተጋዳላይ ተስፋሚካኤል ገብረሂወት፡ በዓል ሓዳር'ዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ 1 ነሓሰ ፍርቂ-መዓልቲ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል፡ ብመስዋእቲ ጉዳም ተጋዳላይ ተስፋሚካኤል ገብረሂወት ዑቕባገርግሽ ዝተሰመዖ ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤቱን መቓልስቱን “ጽንዓት ይሃብኩም” ይብል።

ዜና

# ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዜጋታት፡ ንሓርበኛታት ስንኩላን ገንዘባዊ ሓገዝ ኣበርኪቶም

ኣብ ዮተቦሪ - ሸወደን ዝነብሩ ኣባላት ጨንፈር ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኩናት ኤርትራ፡ ንሓርበኛታት ስንኩላን ኩናት ዝውዕል ልዕሊ 300 ሽሕ ናቕፋ ገንዘባዊ ሓገዝ ኣበርኪቶም።

ብ30 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ምርኽኻብ ስነ-ስርዓት፡ ምኽትል ኣቦ-መንበር'ታ ጨንፈር ኣቶ ሳምሶም የማኑ፡ ስለ ህዝብን ሃገርን ንዝሰንከሉ ሓርበኛታት ምድጋፍን ምሕብሓብን ዜግነታዊ ሓላፍነት ስለዝኾነ፡ ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ንጥፈታት ምስታፎም ሕልናዊ ዕግበት ከምዝፈጥረሎም ኣብሪሁ።

ኣቦ-መንበር ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኩናት ኤርትራ ኣቶ ፍስሃየ ተስፋሚካኤል ብወገኑ፡ ኣብ ወጻኢ ዘለዋ ውዳበታት ዝቕማሉ ቀንዲ ዕላማ፡ ንስንኩላን ኩናት ምድጋፍን ምትብባዕን ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ብቐጻሊ ንዝገብርዎ ገንዘባውን ንዋታውን ደገፍ መጒሱ።



እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ኣውስትራልያ ዝነብሩ ኣባላት ጨንፈር ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን፡ ኣብ ፕሮጀክት መፍረ ጥሪት ንዝዋፈሩ ስንኩላን ዝውዕል 225 ሽሕ ናቕፋ ኣበርኪቶም።

ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኩናት ኤርትራ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት 16 ጨናፍር ክህልውኦ ከለዋ፡ ጨንፈር ዮተቦሪ 120 ኣባላት ኣለውዋ።

# ተሰነይ - ንመንእሰያት ሰራሕተኛታት ናይ ምሕደራ ስልጠና ተዋሂቡ



ኣብ ተሰነይ፡ ንመንእሰያት ሰራሕተኛታት መንግስትን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን፡ ብ27 ሓምለ ናይ ምሕደራ ስልጠና ተዋሂቡ።

ዕላማ'ቲ ስልጠና፡ ብቕዓቶም ብምብራኽ ኣብ ትካላቶም ኣበኩት ውፉይ ስራሕ ብምኽኣን መሪሕ ተራ ክጻወቱ ምኽኣኑ፡ ጸሓፊ ህግደፍ ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ዓብደልሓሚድ እስማዒል ገሊጹ።

ኑቲ ስልጠና ዝሃበ መምህር መሓመድ ጅምዕ፡ መንእሰያት ንጹር ዕላማ፡ ጻዕርን እምነትን ኣወሃሂዶም ኣብ ትግባረ መደባት ሰራሕን ምሕደራ ግዜን ዕቱባት ክኾኑ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኣብያተ-ጽሕፈት ተመዲቦም ዝሰርሑ ዘለዉ ሰራሕተኛታት፡ ግቡእ ህዝባዊ ኣገልግሎት ክህቡ ዜግነታዊ ሓላፍነት ከምዘለዎም ብምሕባር፡ ዝርአ ጉድለታት ኣብ ምእራምን ጸገማት ኣብ ምፍታሕን ብኣርኣያነት ክሰርሑ ተላብዮም።

## ሓጋዝ - ሸግር ጽሩይ ዝስተ ማይ ነበርቲ ሰቓር ንምፍታሕ ጻዕርታት ይካየድ ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ - ምምሕዳር ከባቢ ኣሸራ፡ ሸግር ጽሩይ ዝስተ ማይ ነበርቲ ሰቓር ንምፍታሕ ሓያል ጻዕሪ ይካየድ ከምዘሎ፡ ሓላፊ ጨንፈር ማይ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ዘርአ ወልደትንሳኤ ሓቢሩ።

ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣቶ ዘርአ፡ እቲ ከባቢ እኹል ምንጭታት ማይ ስለዘይብሉ፡ ነበርቲ ርሑቕ ተጓዒዞም ጽሬቱ ዘይተሓለወ ማይ ክጥቀሙ ምጽንሖም ብምጥቃስ፡ እቲ ብምውህሃድ ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባ ዝካየድ ዘሎ ፕሮጀክት ነዚ ዘቃልል ከምዝኾነ ገሊጹ።

ህዝቢ ንዝገብሮ ዘሎ ጉልበታውን ገንዘባውን ኣበርክቶ ብምምስጋን፡ እቲ ፕሮጀክት ምስ ተዛዘመ ልዕሊ 100 ስድራ-ቤታት ተጠቀምቲ ከምዝኾኑ ኣረዲኡ።

ነበርቲ ብወገኖም፡ ዝስተ ማይ ንምርካብ ንዝሕለፍዎ ከቢድ ጸገም ብምጥቃስ፡ እቲ ፕሮጀክት ኣብ ዝሓጸረ እዋን ንኽዛዘም ኣበርቲዖም ይሰርሑ ከምዘለዉ ሓቢሮም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ሸግር ጽሩይ ዝስተ ማይ ነበርቲ በጕን ሓሸሻይን ንምፍታሕ'ውን መደብ ተታሒዙ ከምዘሎ፡ ካብ ጨንፈር ማይ ዞባ ዓንሰባ ዝተረኽበ ሓበሬታ የጽር።

## እምኒሓይሊ - ንልዕሊ 200 ዜጋታት መሬት ጤሳ ተዓዲሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ - ምምሕዳራት ከባቢ ዓዲ-ሸለሙንን ዓዲ-ሓውያን፡ ዘድሊ ቅጥዕታት ዝመልኡ 25 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 224 ዜጋታት፡ መሬት ጤሳ ተዓዲሎ።

መስርሕ ዕደላ ብመሰረት መምርሒ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ከምእተኻየደን ንነፍሲ-ወከፎም ንመንበሪ ዘገልግል 250 ትርብዒት ሜትር መሬት ከምዝተዋህበን ወኪል ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ዑቕባሚካኤል ተስፋገርግሽ ገሊጹ።

ግዝያዊት ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ ወ/ሮ ትርሓስ ፍቓዱ ብወገና፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ተደናጊዩ ዝጸንሐ ዕደላ መሬት ጤሳ ምጅማሩ እፎይታ ዝፈጥር ምኳኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ'ዚ ናይ ሕጂ ዘይተዓደሉ፡ ስጉዓቶም ምስ ተጻሪፉ ከምዝወሃቡ ኣፍሊጣ።

መሬት ጤሳ ዝተዓደሉ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ዝተዋህቦም መሬት ብዓቕሞም ኣብ'ቲ ዝድለ መዓል ከምዘውዕልዎ ገሊጾም።

## ዓዲተከሌዛን - ሕጽረት ትካል ትምህርቲ ንምቅላል ስጉምቲ ተወሲዱ



ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ጎላጉል - ንኡስ ዞባ ዓዲተከሌዛን፡ ኣብ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርትን መባእታ ደረጃን ዝጸንሐ ጸገም መምሃሪ ክፍልታት ንምቅላል፡ ተበግሶ ተወሲዱ።

ነበርቲ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እኹል መምሃሪ ክፍልታት ስለዘይነበረ፡ ደቆም ናብ ሓውሲ ከተማ ዓዲ-ተከሌዛን ክጓዓዙ ምጽንሖም፡ እዚ ድማ ኣብ ተሳታፍነት ኣሉታዊ ጽልዋ ከምዝነበሮ ብምሕባር፡ እቲ ተጀሚሩ ዘሎ ህንጻ ኣብ ዝቐልጠፈ ንኽዛዘም ኣበርኩቶኦም ከምዘዕዝዙ ገሊጾም።

እቲ ስራሕ ብተበግሶ ኮም ከምእተጀመረ ዝሓበረ ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንኡስ ዞባ ኣቶ ዳዊት በየኑ፡ ብምትሕብባር መንግስቲ 7 ክፍልታትን ቤት-ጽሕፈትን ዘጠቓልል ህንጻ ይስራሕ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣመሓዳሪት ምምሕዳር ከባቢ ጎላጉል ወ/ሮ ወጋሕታ በረኸትኣብ ብወገኣ፡ ህዝቢ ዓቕሚታቱ ኣወሃሂዱ ንዝገበሮ ኣበርክቶ ድሕሪ ምምጓስ፡ እቲ ስራሕ ብዝጀመሮ ናህሪ ክቕጽል ተላብያ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ተከሌዛን ሌተናል ኮሎኔል የማነ ሙብራህቱ፡ ተታሒዙ ዘሎ ፕሮጀክት ኣብ መፈጸምትኡ ንኽበጽሕ፡ ህዝቢ ውህደቱ ኣሐዩሉ ክነጥፍ ብምዝኽኻር፡ ካልእ ኣገልግሎታት ንምርካብ ተመሳሳሊ ተበግሶታት ከምዘድሊ ኣገንዚቡ።

ምምሕዳር ከባቢ ጎላጉል፡ ኣስታት 7 ኪሎ-ሜተር ካብ ሓውሲ ከተማ ዓዲ-ተከሌዛን ርሒቓ እትርከብ ኮይና፡ 250 ስድራቤታት ይነብራኣ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284



# ኣከባቢ





ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)



# ኣገዳስነት ምሕደራ ጸጋታት ማይ

ቴድሮስ ተስፋጋብርን በረኸት ሞሳዘግን

ክፍሊ ሃብቲ ማይ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን

3ይ ክፋል

ኣብ ካልኣይ ክፋል ናይ'ዚ ጽሑፍ ጸጋ ማይ ብዘለዎ ስትራተጂካዊ ኣገዳስነት፣ ባህሪ ዝርገሐ፣ ጽልዋን ተጸላውነትን ኣብ ተኣፋፊ ጂኦግራፍ ዝርከብ ብምዃኑን፣ ንምምሕዳሩ ኣገዳሲ ምዃኑን ብፍላይ ንምሕደራ ኣገደስቲ ኳብ ዝጉብርዎ ነጥብታት ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ክፋላት ኳብ ዝቐረቡ ረቛሒታት ኣገዳስነት ምሕደራ ማይ፡ መሰረት ህይወት፣ ውሱን ዓቐን ወይ ትሕዝቶ፣ ብዝርገሐ ቦታን ግዜን ምዕሩይ፡ ንበኽላን ምጉሕጓሕን ዝተቓለዐ ንህይወታውን ዘይህይወታውያን ብኸላ ዝተቓለዐ ቁጠባዊ ኣቕሓ ምዃኑ (economic good)፡ ብኽሊ.ማን ሰብኣዊ ንጥፈታትን ተጸላዊ ምዃኑ ርኢና ኔርና። ኣብዚ ናይ ሎሚ ድማ ከም መቐጸልታ እዞም ዝሰዕቡ ረቛሒታት ንኣገዳስነት ምሕደራ ጸጋ ማይ ንመልከት። ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ ከም መቐጸልታ ዝቐረቡ ረቛሒታት ንምሕደራ ጸጋታት ማይ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

8) ሃገራዊ ውጥን ልምዓት/ምዕባለ። ሃገራዊ ማክሮ ፖሊሲን ቻርተርን ምርኩስ ብምግባር ብጸጋታት ማይ ኣሃናይ ጽላት ቀዳምነት ይህብ መርሓ ጎደና ኳብ ዘሕጽሩ ሰነዳት እዮም። ምሕደራ ጸጋታት ማይ ምስ ሃገራዊ ውጥን ልምዓትን ምዕባለን ተሳንዩ፡ ንኹሎም ማሕበረ ቁጠባዊ ጽላታት ኣብ ግምት ብምእታው'ዩ ዝዳለ። ነዚ ሃገራዊ ውጥን ዝጸልዉ ብዙሓት ረቛሒታት እኳ እንተኾኑ ቀንዲ ንምጥቃስ፦

ሀ) **ሰብኣዊ ዓቕሚ፡** ሰብ ኣብ ምሕደራ ጸጋታት ማይ ቀንድን ወሳንን ብምዃኑ፡ ብኹለንተንኡ ብቑዕ ዝኾነ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ውጥን፡ ምሕደራን ምርምርን ጸጋታት ማይ ዝበቅዕ ምፍራይ ኣብ ምምዕባል ሃገራዊ ውጥን ምዕባለ/ልምዓት ወሳኒ እዩ።

ለ) **ፋይናንሳዊ ዓቕሚ፡** ንጸጋታት ማይ ብግቡእ ዳህሳስ ብምኽያድ ዓይነታዊ ትሕዝቶን ብዝሕን መዓላኦምን ውሕስነቶምን ብምፍላጥ ሃገራዊ ውጥን ንምድላውን ምትግባሮምን ካልእ ወሳኒ ረቛሕን እዩ። ዘየባትኽ ፋይናንሳዊ ኣታዊታትን ብቐንዱ ኳብ ውሽጡ ክኸውን ስለዘለዎ ውሑስ ዘቤታዊ ኣታዊታት ምስሳን ኣገዳሲ ይኸውን።

ሐ) **ገምጋምን ቁጽጽርን፡** ኣካል ምሕደራ ኮይኑ ንሓፈሻዊ ትሕዝቶ ጸጋ ማይ ማለት ዝናባዊ፡ ጽፍሓውን ትሕተ-ባይታውን ብብዝሕን ብቕዓት/ዓይነትን ናይ ምግምጋምን ምቁጽጻርን ዘሎ ብቕዓት ንውጥን ሃገራዊ ልምዓት ማይ ኣገዳሲ እዩ። ገምጋምን ቁጽጽርን ኳብ ምጽብጻብ ባህርያዊ ትሕዝቶ ሓሊፉ ኣብ ምድላውን ምምዕባልን ውጥናትን ይኹን ኣገደስቲ ሰነዳት፣ ጽልዋ ዝትግበሩ መደባትን ኣገዳሲ እዩ።

መ) **ፖሊሲ ማይ፡** ፖሊሲ ማይ ኳብ ኣቐዲሞም ዝተጠቕሱ ማክሮ ፖሊስን ሃገራዊ ቻርተርን ዝምንጩ ኮይኑ ኑቲ ሓፈሻዊ ትሕዝቶኦምን መንፈሶምን ናብ ዝርዝራውን ንጹርን ሓበሬታ ዝሓዘ እዩ። እዚ ፖሊሲ ድማ ንስዒቦም ዝወጽኡ ኣዋጃት/ሕጋጋትን መምርሒታት ብምውራድ ስልጣን ሓላፍነትን ኣገባብት ትግባረ፡ ግቡኣትን መሰላትን ዘሕጽሩ ሰነዳት ብምዃኖም ኣብ ሃገራዊ ውጥንን ልምዓትን ኣገደስቲ ሰነዳትን መምርሒታትን እዮም።

ሰ) **ትካላዊ ቅርጽን ኣወዳድባን፡** ትካላዊ ቅርጺ ኳቡቲ ዝለዓለ ሃገራዊ ቦርድ ጸጋታት ማይ-ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባቢን፡ ክፍሊ ሃብቲ ማይ ጨንፈራት ዞባታት ኣሃዱታት ንኡሳን ዞባታት ንምምሕዳር ከባቢታትን ዓድታትን ዝተማልአ ቅርጽን ኣወዳድባን ክህሉ ከሎ፡ ንኹሉ መደባት ኣድማዒ ይጉብሮ። ኣብ ሃገርና እዚ ቅርጽን ኣወዳድባን ሃጓፋት እኳ እንተለዎ፡ ኣብ ምምልኡን ምብቅዑን ብቐጻሊ ምምሕያሽ ዘድልዮ መሰርሕ እዩ። እዞም ቅርጽታት ወይ ኣወዳድባታት ብስጡም ኣብ ጸጋታት ማይ ዘሎ ሓበሬታ ንላዕልን ንታሕትን ዝኸይድ ዋሕዚ ሓበሬታ ምስ ዝህሉ ኣብ ሃገራዊ ውጥን ልምዓት ማይ ወሳኒ ኣበርክቶ ኣለዎም። ትካላዊ ቅርጽን ኣወዳድባን ምስ ምዕባለን ብድሆታትን እናተመሓየሸ ዝኸይድ ምዃኑ ክንግንዘብ ይግበኣና።

9) ዓለማዊ ሸቶታት ዘላቒ ምዕባለ። ዓለምና ኣብ ሓባራዊ ብድሆታት ዝኾኑ ጉዳያት እናኣተኮረት ሓባራዊ መደባት ተውጽእ እያ። ምስ እዚ ተላዒሉ ዘሎ ዝዛመዱ ኣቐዲሙ ኣብ 2015 ዙብቅዐ ሸቶታት መዋእል ዝፍለጥ ብድሕሪኡ ድማ ኳብ 2015-2030 ዝዝርጋሕ ሸቶታት ዘላቒ ምዕባለ ምጥቃስ ይከኣል። ሸቶታት ዘላቒ ምዕባላ ኣብ ሓድሕዶም ዝመላልኡ ወይ ዝጸላለዉ 17 ሸቶታት ዝሓዘ ኮይኑ፡ ንኹለን ሃገራት ማለት ደረጃ ምዕባለኣን ዝምልከት ብዘየገድስ ኣዝዩ ህንጡይ (Ambitious) ሸቶታት ዝሓዘ እዩ። ሸቶታት ዘላቒ ምዕባለ ህንጡይ ዙብሎ ንምዕቡላትን ኣብ ምምዕባል ዘለዋን ሃገራት ሓደ ዓይነት ዕላማ ንኽወቕዓ ዘውጥን ምዃኑ እዩ። ንዓለም ብዘይ ኣድልዎ ኳብ ድኽነት ብምውጻእ ኣብ ዝሓሸ መነባብሮ ንምስግጋር ዘንቀደ ድማ እዩ። እዚ ምደብ ኣሳታፍን ኣካታዕን ኮይኑ ንዝለዓለ ውጽኢት ክዉንነትካ ኣብ ግምት ብምእታው ኣበርቲዕካ ብምስራሕ ንሃገራዊ ሸቶኻ ብምውቃዕ ኣካል ናይቲ ዓለማዊ ዕዉት ኣካል ምዃን እዩ።



ነዚ ንምውቃዕ ወጺኡዎ ዘለዉ 17 ሸቶታት እቶም 10 ብቐጥታ ምስ ማይ ዝዘመዱ እቶም ዝተረፉ ከኣ ዘይቀጥታዊ ምትእስሳር ኣለዎም። እዞም ሸቶታት ምስ ማይ ብኸመይ ከም ዝተኣሳሰሩ ንምርኣይ፦

1) ሸቶ ቑጽሪ 1፡ ምብቃዕ ድኽነት ብኹሉ መልክዑ። ኣብ ዓለም ድኽነት ኩበቕዐ ተራ ማይ ርዱእ እኳ እንተኾነ፡ ድኽነት ብእቶትን ብፍርያምነትን ብምዕባይ ስለዝኾነ ማይ ከም ቀንዲ ረቛሒ ንእቶታውነትን ምብቃዕ ድኽነትን ኣበርክቶኡ ትንተና ዘድልዮ ኣይኮነን። ስለዝኾነ ድማ ማይ ንምቕረሓ ምዕሩይ ተጠቃምነት ምርግጋጽ ርትዓዊ ዝኾነ ምቕረሓ ኳቡቶም ቀንዲ መትከላት መንግስትና እዩ።

2) ሸቶ ቑጽሪ 2፡ ባዶ ጥሜት። ነዚ ሸቶ ንምውቃዕ ኣብ ቅድመ ግንባር ዝሰራዕ ሕርሻ ከምኡ'ውን ፍርያት ሃብቲ ባሕሪ ዝኾኑ ዓሳታትን ካልኦት መግቢታት ፍርያምነት ባሕሪን እዮም። ጥሜት ምስ ምውሓስ ውሕስነት መግቢ ምስ ማይ ዘለዎም ብምዝማድ ጥራይ ዘይኮነ ብዘይ ማይ መግቢ ምፍራይ ከምዘይከኣል ርዱእ እዩ። ያታዊ ሕርሻ ንምኽያድ፡ ሓመድ ማይ፡ ጸሓይን ኣየርን ናይ ግድን ምስ ካልኦት ንፍርያምነት ዘኻዕብቱ ክህልዉ ኣለዎም። ኣብዚ ዘመናዊ ሕርሻ ዝረገሐ ብመጠነ ንኡስ ብተተግባርነቱን ብስፍሓቱን ንሕቶ ገዲፍካ ሕርሻ ብዘይ ሓመድ ንርኢ ኣለና። ብዘይ ማይ ግን ዓለም ናብ ዝበጽሖት ደረጃ ምዕባለ ትብጽሕ ዝኾነ ወይ ዝሕሰብ ኣይመስለን።

3) ሸቶ ቑጽሪ 3፡ ምርግጋጽ ጥዕናን ምቾእ ናብራን፡ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፋትና ምስ ዘይውሑስ ማይ ዝዛመዱ ሕማማት ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዳርጋ 80% ምስ ማይ ዝዛመዱ ምዃኖምን፡ ውሑስ ማይ ምርካብ ማለት ብዓቕንን ዓይነትን ነዞም ሕማማት ክሳብ ክንደይ ክጉድሎም ከምዝኽእል ርዱእ ምዃኑን ተገሊጹ እዩ። ብተወሳኺ ኣብ ልዕሊ እቶም ተመሓላለፍቲ ሕማማት ሕዱራት ሕማማት ብበኽላ ማይ ዝስዕቡን ዝጋደዱን ምዃኖም ውሑስ ማይ ኣብ ምውሓስ ጥዕና ዝዓዘዘ ይጉብሮ። እዞም ሕዱራት ሕማማት ጠንቆም ብዙሓት ረቛሒታት እኳ እንተኾኑ ዘይውሑስ ማይ እውን ጠንቅን ዘጋድዶምን ምዃኑ ይፍለጥ። ኳብዞም እናገኸ ዝመጽኡ ዘለዉ ሕማማት ኩሊት (ጸጸር ኩሊት)፡ መንሽሮ ጸቕጢ ደምን ካልኦትን ውሑስ ዝኾነ ማይ ብምርካብ ክጉድሎምን ክንፍውሶምን ከም እንኽእል መጽናዕታት ይሕብሩና ኣለዉ። ከም መርኣዩ፡ ሓሚምካ ናብ ሓኪም ኣብ እትቐርበሉ ግዜ ዙብዙሐ ግዜ ንሕሙም እኹል ማይ ስተ እዩ ዝበሃል ዘሎ። ኣብዚ ንሓበሬታ ክኾነና፡ ማይ ስተ ዙብል ኳብ ተላዕለ፡ ማይ ስተ ክበሃል ከሎ ምስ ጸማእካ እትሰትዮ ማይ ማለት ኣይኮነን። ከይጸማእካ እትሰትዮ ማይ ማለት እዩ። እቲ ብዝበለጸ ሕማም ዝከላኸልን ዝፍውሰን ከይጸማእካ እትሰትዮ ማይ ስለዝኾነ፡ ምስ ጸማእካ እትሰትዮ ማይ ከም ምኽፋል ለቓሕ እዩ ዝቑጸር። ለቓሕ ምኽፋል ድማ እቲ እትኸፍሎ ናብ ጁባኻ ዘይኮነ ናብ ጁባ ካልኦት እዩ ዝኣቱ። እቲ ምስ ጸማእና እንሰትዮ ድማ ንኣካላትና ብዙሕ ሓጋዚ ኣይኮነን። ስለዚ እኹል ማይ ብምስታይ ጥዕናና ብምውሓስ ምቹእ ህይወት ነሕልፍ!

4) ሸቶ ቑጽሪ 4: ብቑዕ ኣገልግሎት ትምህርቲ። ነዚ ብኽልተ መንገዲ ክንርእዮ ንኽእል፥ እቲ ቤት ትምህርቲ እኹል ቀረብ ማይ ምስ ዝህልዎ፡ ንጽሬት ቤት ትምህርትን ተመሃሮን መምህራንን ኣብ ጥዕና ዘለዎ ኣበርክቶ፣ ጥዕና ድማ ኣብ ብቕዓት ትምህርትን ተሳታፍነቱን ርዱእ እዩ። እቲ ካልኣይ፡ ኣብ ኮም ዘሎ ውሑስ ኣገልግሎት ማይ ንህጻናት ኳብ ምጉራት ሃልኪ ማይ ብምግልጋል ጉልበቶምን ግዜኦም ይቑጥቡ። ብተወሳኺ ምስ ምምሕያሽ ጥዕና ተወሲኽዎ ኣብ ትምህርቲ ዘሎ ተሳታፍነት ብምሕያል እወታዊ ኣበርክቶ ኣለዎ። ከም ተወሳኺ እኹል ማይ ዘለዎ ቤት ትምህርቲ ንግብራዊ ትምህርትን ምርምርን ሓጋዚ ዝኾነ ንጥፈታት ንምኽያድ ሓጋዚ ኣበርክቶ ኣለዎ።

5) ሸቶ ቑጽሪ 5፡ ጾታዊ ማዕርነት። ቀንዲ ዕላማ ናይዚ ሸቶ ኩሉ ዓይነት ኣድልዎ ኣንጻር ደቂ ኣንስትዮ ከምዝብቅዕ ምግባር እዩ። ናይ ሎም ዓመት ቴማ ኣህጉራዊ መዓልቲ ማይ "ማይን ጾታዊ ማዕርነትን፡ ኣቕርቦት ማይ ማዕርነት የዕቢ" ዙብል ኮይኑ፡ ማይ ዘለዎ ቦታ ማዕርነት ከም ዘለዎ እዩ ዝእምት። እዚ ድማ ማይ ንኹሉ ዓይነት መዓላ ብዘይ ኣድልዎ እንተ ቐሪቡ ንሸቶ ጾታዊ ማዕርነት ዘረጋግጽ እዩ።

6) ሸቶ ቑጽሪ 6፡ ውሑስ ቀረብ ማይን ጽሬትን፡ ከምኡ'ውን ዝተመሓየሸ ኣገልግሎት ጽሬትን ንጽህናን ዝብል እዩ። እዚ ሸቶ እዚ፡ ዝተመሓየሸ ኣገልግሎት ቀረብ ማይ ኣብ መንበሪ ክህሉ ዘመልክት ኮይኑ፡ ግዜን ጉልበትን ከየህለኽካ እትረኽቦ ማይ ንስድራቤታት ብፍላይ ከኣ ኑቶም ቀንዲ ግዜኣምን ጉልበቶምን ኣብ ማይ ምጉራት ዘጥፍኡ ኣዴታትን ህጻናትን ዓቢ መስተርሆት ብምፍጣር፡ ጉልበቶምን ግዜኦምን ኣብ ካልእ ኣገዳሲ ዝኾነ - ኣብ ትምህርትን ማሕበረ ቁጠባዊ ንጥፈታትን ስለዘውዕልዎ፡ ኳቡቶም ካልኦት ሸቶታት ዝያዳ ኣበርክቶ ኣለዎ።

7) ሸቶ ቑጽሪ 6፡ ርትዓዊ፡ ውሑስን



ዘላቕን ቀረብ (ኣገልግሎት) ጸዓት። እዚ ምስ እተን ሃብታም ትሕዝቶ መመንጨዊ ጸዓት ማይ ዘለወን ሃገራት ቀጥታዊ ምትእስሳር ኣለዎ። ወይ'ውን ማይ ኑቲ ተሓዳሲ ጸዓት ዘይኮነ ምንጪ ጸዓት ኣብ ምዝሓል ዘለዎ ኣበርክቶ ርዱእ'ዩ።

8) ሸቶ ቑጽሪ 8፡ ዘላቒ ቁጠባዊ ዕበየት። እዚ ሸቶ፡ ማይ ሓደ ኳብ ቀንዲ ረቛሒታት ምዕባለ ከም ዝኾነ ብዘተፈለለየ መልክዑ ተገሊጹ ስለዝኾነ ምትእስሳሩ ብሩህ እዩ።

9) ሸቶ ቑጽሪ 9፡ ኢንዱስትሪ መሃዝነትን ትሕተ ቅርጻን። ኢንዱስትሪ ሓደ ኳቡቶም ቀንዲ ተጠቀምቲ ዝኾኑ ጽላት ስለዝኾነ ኣገዳስነት ማይ ምስ ምውቃዕ እዚ ሸቶ ምዝርዛር ኣየድልዮን እዩ።

10) ሸቶ ቑጽሪ 10፡ ምጉዳል ዘይምዕሩይነት። እዚ ሸቶ እዚ ምስ'ቲ ኣቐዲሙ ኣብ ሸቶ ቑጽሪ ሓምሽተ ዝተገልጸ ተመሳሳሊ መግለጺ እዩ ዘለዎ። ሓፈሻዊ መልእኽቲ ናይታ ቴማ፡ ማይ ኣብ ዘለዎ ቦታ ወይ ማይ ኣብ ዝበጽሐ ከባቢ ማዕርነት ይነግስ እዩ ዝስምዕ። ኣቕርቦት ማይ ንዝተፈላለየ መዓላ ዝረኸበ ህዝቢ፡ ማይ ንኹሉ ማሕበረ ቁጠባዊ ንጥፈታቱ ስለዝጠቀመሉ ቀንዲ ረቛሒ እዩ። ብሕጽር ዝበለ ኣቕርቦት ማይ ፍልልያት ብምጽጓቡ፡ ዕድላት ብምስፋሕ ማዕርነት ንምርግጋጽ ከም ቀንዲ ረቛሒ ኮይኑ ንረኽቦ። ንባህርያዊ ኣከባቢ ውሕስነት ዝፈጥር ኳብ ኮነ ነዚ ጸጋ ማይ ብግቡእ ምጥቃም።

11) ሸቶ ቑጽሪ 11፡ ምርግጋእ ከተማታትን ሰፈራታት ህዝብን። ኣብዚ ኣበርክቶ ውሑስ ማይ ኣብ ጥዕናን መነባብሮን ህዝቢ ዘለዎ ኣበርክቶ ቀሊል ኣይኮነን። ኣብ ከተማታት ምስ ዘለወን ጻዕቂ ህዝቢ ወይ'ውን ሻውላት፡ ኣቕርቦት ውሑስ ማይ ምህላው፡ ህዝቢን ብዝተፈላለዩ ተላባዕቲ ሕማማት ንኸይጥቃዕ የድሕኖ። ካልእ ንኸተማታት ኣስጋኢቲ ኳብ ዝኾኑ ባህርያዊ ሓደጋታት፡ ዕልቕልቕ ሓደ እዩ። እዚ ባህርያዊ ሓደጋ ዕልቕልቕ ምስ ዘጋጥም፡ ድሕሪ ሓደጋ ኣብ ዘሎ ምሕደራ ወይ ምውሓስ ህጹጽ ኣቕርቦት ማይ ንምምላእ፡ ብቑዕ ምሕደራ ማይ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ምሕደራ ረሳሕ ፈሳሲ ዘለዎ ኣበርክቶ እውን፡ ንኸተማታት ውሑሳትን ምቹኣትን ክኾና ዝጉብር እዩ። ስለዚ ባህርያውን ሰብኣዊን ዝጠንቁ ጽልዋ ንምፍዋስን ንምምካትን ምሕደራ ጸጋ ማይ የድሊ።

**ይቕጽል...**



# ማእሰርቲ ጂኦግራፊ'ዶ ማሕዩር ኣእምሮ፧

ሳሙኤል ገብረብርሃን

ብፖለቲካዊ ማዕበላት ዝናወጽ ተኣፋፊ ኣብ ዝኾነ መድረኽ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ሓደ ካብቶም ብተደጋጋሚ መድረኽ ክትዓት ዝሕዙን ሓዊ ግጭት ዝተኽሉን ጉዳያት፡ እቲ ብወገን መራሕቲ ኢትዮጵያ ዝስበኽ "ንሕና እሱራት ጂኦግራፊ ኢና፤ ባሕሪ ክንረክብ ኣለና" ዝብል ምስምስ እዩ።

እዚ መግለጺ እዚ፡ ንተፈጥሮኣዊ ጂኦ-ፖለቲካዊ ኣቀማምጣ ኢትዮጵያ፡ ከም ዓቢ ዕንቅፋትን ንዑብየታ ዝቕይድ ሰንሰለትን ገይሩ ብምቕራብ፡ ኮነ ኢልካ ሰባት ንምድንጋርን ዘዩለ ስግኣት ከም ዘሰምዖም ንምግባርን ዝተዋደደ ዘሎ ሃቐነ እዩ። ከመይሲ ንኩነታት እዚ ዘቤ ንባህሪ ዘመናዊ ዓለምለኻዊ ንግድን ቁጠባን፡ ንቐርበት ኣማራጺ ወደባትን ንሰላማዊ ዲፕሎማሲያዊ ዕድላትን ብዕምቀት ክንትንትኖ ከለና፡ እቲ ሓቀኛ ብድሆ ኣብቲ ተፈጥሮ ዘንጸፈቶ መሬትን ባሕርን ዘይኮነ፡ ኣብቲ ውሳነታት ዝሀንጸሉ ኣእምሮ ናይ መራሕቲ ምዃኑ ንግንዘብ። ስለዚ፡ ኢትዮጵያ "እሰርቲ ጂኦግራፊ" ዘይኮነት፡ "እሰርቲ ናይ ኣእምሮ" ንምግባራ ዝተዋደደ ዘሎ ፈተነ እዩ። እዚ ምስምስ እዚ፡ ንጎረባብቲ ሃገራት ከም ቀጻሊ ስግኣት ዘቕርብ እዩ። ልኡላውነተን ብምግሃስ ወይ ብምፍርራሕ ወደብ ንምርካብ ዝግበር ሃቐነ ድማ ካብቲ ሰላማዊ ምትሕብባርን ሓባራዊ ረብሓን ዝሃንጽ ዘመናዊ ስልጡን ኣእምሮ ኣዝዩ ዝረሓቐ እዩ።

"እሱራት ጂኦግራፊ" ዝብል ኣምር፡ ኣብ ጂኦ-ፖለቲካዊ መግለጺታት ንተፈጥሮኣዊ መሰናኽላት ኣብ ምግላጽ ይዘውተር እዩ። እንተኾነ ምስዚ መራሕቲ ኢትዮጵያ ዝብልዎ ፈጺሙ ዘይገጥም እዩ። ጂኦግራፊ ባዕሉ ንበይኑ ማእሰርቲ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ንሓደ ጂኦግራፊያዊ ኩነት ናብ ዓቢ ዕድል ወይ ናብ ጸቢብ ማሕዩር ዝቕይሮ፡ ኣብቲ ዞባ ዝሰፍን ፖለቲካዊ ብስለትን ዲፕሎማሲያዊ ብቕዓትን እዩ።

ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ቀረባ ርሕቀት ካብ ቀይሕ ባሕርን ህንዳዊ ውቅያኖስን እትርከብ ኢትዮጵያ፡ ብጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣኣ፡ ናብ ዝተፈላለዩ ኣገደስቲ መሳኹቲ ባሕሪ ክትበጽሕ እትኽእለሉ ሰፊሕ መገድታት ኣለዋ። እቲ ጸገም እምበኣር፡ ወደብ-ኣልቦ ምዃና ኣይኮነን። እቲ ንጎረባብቲ ሃገራት ከም መወዳደርትን ጸላእትን ጥራይ ገይሩ ዝርኢ፡ ንባሕሪ ድማ ብኸጸን ብሓይልን ጥራይ ክረኽቦ ዝህውትት ጸቢብን ድሑርን ኣተሓሳስባ እዩ። እዚ ዓይነት ናይ ኣእምሮ ማእሰርቲ ድማ እዩ፣ ንኢትዮጵያ ካብቲ ክትረኽቦ እትኽእል ሰፊሕ ዞባዊ ምትሕብባርን ዕብየትን ከልኪሉዋ ዘሎ።

ብኣንጻር ዕጽው ኣእምሮ መራሕቲ ብልጽግና፡ ኢትዮጵያ ብሰላማዊ ዝምድናን ንግዳዊ ምትሕብባርን ክትጥቀመሎም እትኽእል ብዙሓት ኣማራጺታት ወደባትን ኣፍደገ ባሕርን ዘለዋ ዕድለኛ ሃገር እያ። እዞም ኣማራጺታት እዚኦም ናብ ዝተፈላለዩ ኣንፈታት ዝዘርግሑ ኮይኖም፡ ብሓባራዊ ምርድዳእን ሰላምን ክመሓደሩ እንተዘኽእሉ፡ ንኢትዮጵያ ሓንቲ ካብተን ዝበለጸ ናይ ንግዲ ፍሰት ዘለወን ሃገራት ምገበራ ነይሩ።

- **ኤርትራ (ወደብ ዓሰብን ምጽዋዕን)፦** ብጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣኡ ንሰሜናዊ ማእከላይን ምብራቓዊን ዞባታት ኢትዮጵያ ብቐረባ ኣገልግሎት ክህብ ዝኽእል ተፈጥሮኣዊ ዕድል እዩ። ብፍላይ ወደብ ዓሰብ ንኣዲስ ኣበባ ዘለዎ ርሕቀት ኣዝዩ ሓጺር ኣብ ርእሲ ምዃኑ መገዱ እውን ምቹእ እዩ። ብሰላማዊ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና፡ ልኡላውነት ኤርትራ ብምኽባር፡ ረብሓ ክልቲኦም ህዝብታት ብዘውሕስ መገዲ ንምጥቃም ዝከኣል ሰፊሕ ዕድል ነይሩን ኣሎን። እንተኾነ፡ እቲ ጸገም ኣእምሮ ክዕጾ እንከሎ፡ ፖለቲካዊ ስኽነትን ምርድዳእን ክስኣን እንከሎ እቲ ዝቐረበ ተፈጥሮኣዊ መገዲ እውን ዝዕጾ ምዃኑ እዩ።

- **ጅቡቲ፦** ንዓመታት ንኢትዮጵያ ከም ቀንዲ መተንፈሲ ኮይኑ ዘገልግል ዘሎ እዩ። ብመንገዲ ባቡርን ዘመናዊ ጽርግያን ዝተኣሳሰረ ኮይኑ፡ ንኢትዮጵያ ምስ ዓለማዊ ዕዳጋ ዘራኽብ ዘተኣማምን መስመር እዩ። እዚ ዘርእየና፡ ብዘይ ውተሃደራዊ ቁጽጽርን ልኡላዊ ምውናንን እውን ይኹን፡ ብስምምዕን ብክፍሊትን ወደብ ክትጥቀም ከም ዝከኣል እዩ።

ኑቲ ምስልሳል ዘያዳ ሰፊሕ ንምግባር፡ ካልኦት ኣማራጺታት እውን ክንርኢ ንኽእል፤

- **ወደብ በርበራ (ሶማልያ)፦** እዚ ወደብ እዚ ንምብራቓዊ ክፋል ኢትዮጵያ ኣዝዩ ቀረባን ጸቡቕ ኣማራጺን ኮይኑ ይዓቢ ኣሎ። ምስ ፌደራላዊ መንግስቲ ሶማልያ ብሕጋዊ መገዲ ብምርድዳእ ነዚ ወደብ እዚ ንምምዝማዝ ዘኽእል ዓቢ ዕድል ኣሎ። እንተኾነ ግን፡ ንልኡላውነት ሶማልያ ብምኽሓድ፡ ምስ ሶማሊላንድ ብኢ-ወግዓዊ መገዲ ስምምዕ ምፍራም፡ ኑቲ ዘሎ ዕድላት ዘበላሹን ሓደስቲ ዞባዊ ግጭታት ዝፈጥርን መግለጺ ናይ ኣእምሮ ማእሰርቲ እዩ።

- **ወደባት ሞቃዲሾን ኪስማዮን (ሶማልያ)፦** ንደቡባዊ ክፋል ኢትዮጵያ ሰፊሕ ኣገልግሎት ክህቡ ዝኽእሉን ምስ ልኡላዊት ጎረቤት ሶማሊያ ብሰላምን ብምትሕብባርን ክመሓደሩ ዝኽእሉን እዮም።

- **ወደብ ላሙ (ኬንያ)፦** ብሸነኽ ደቡብ፡ ብመንገዲ ፕሮጀክት LAPSSET ዝፍለጥ ዓቢ ናይ መጓዓዝያ ኮሪዶር፡ ንኢትዮጵያ ምስ ሓድሽ ወደብ ላሙ ዘተኣሳስር ኮይኑ፡ ንደቡባዊ ክፍሊ እታ ሃገር ዓቢ ናይ ንግዲ ምንቅስቓስ ክፈጥር ዝኽእል እዩ።

እዚ ኩሉ ኣማራጺታት እናሃለው፡ "እሱራት ጂኦግራፊ ኢና" ምባል፡ ነዚ ዘሎ ሰፊሕን ፍርያምን ዕድላት ብምቕባር፡ ፖለቲካዊ ዘይምርግጋእን ኩናትን ጥራይ ከም መዋጽኦ ንምቕራብ ዝግበር ፈተነ እዩ።

ንኢትዮጵያ ምስ ካልኦት ኣብ ኣፍሪቃ ዝርከባ ወደብ-ኣልቦ ሃገራት ክነጻጽራ ከለና፡ እቲ ጂኦግራፊያዊ ዕድላታ ክሳብ ክንደይ ዓቢ ምዃኑ ብንጹር ንርኢ። ንኣብነት፡ ኣብ ኣፍሪቃ ዝርከባ ወደብ-ኣልቦ ሃገራት ከም ጫድ፡ ኒጀር፡ ማሊ፡ ማእከላይ ኣፍሪቃ ሪፓብሊክ ወይ ድማ ዘምብበወ ናብ ዝኾነ ወደብ ንምብጻሕ ኣሽሓት ኪሎ ሜትራት (ምስቲ ብዙሕ ጸጥታዊ ብድሆታት) ክጓዓዛ ይግደዳ። ካብ ዋና ከተማ ጫድ ንድጃመና ናብ ዝቐረበ ወደብ ካሜሩን ዘሎ ርሕቀት ኣስታት 1,800 ኪሎ ሜተር እዩ። ማእከላይ ኣፍሪቃ ሪፓብሊክ እውን ኣብ ማእከል ኣፍሪቃ ተሓጺራ፡ ምስ ውሑድ መሰረተ-ልምዓትን ዓበይቲ ጂኦ-ፖለቲካዊ ዕንቅፋታትን ትቃለስ ሃገር እያ። ብተመሳሳሊ፡ ደቡብ ሱዳንን ሩዋንዳን ቡሩንዲን ናብ ወደባት ሞምባሳ ወይ ዳሬሰላም ንምብጻሕ ኣዝዩ ነዊሕ መገድታት ክጥቀማ ይግደዳ። ኢትዮጵያ ግን ካብዞም ኩሎም ዝተጠቕሱ ሃገራት ኣብ ቀረባ ርሕቀት ዝርከባ ሓያሎ ወደባት ክትጥቀም እትኽእል ሃገር እያ። ካብ ዶባታ ጀሚርካ ክሳብ ቀይሕ ባሕሪ ወይ ህንዳዊ ውቅያኖስ ዘሎ ርሕቀት ካብ ቢ. ሐደት ሚእቲ ኪሎ ሜትራት ጥራይ እዩ። እዚ ዘርእየና፡ እቲ ጸገም ርሕቀት ዘይኮነስ፡ እቲ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዘሎ ናይ ዘይምትእምማንን ፖለቲካዊ ግጭታትን ሓጹር ምዃኑ እዩ።


እቲ ሓቀኛ ጸገም "ማእሰርቲ ኣእምሮ" ምዃኑ ንምርዳእ፡ ኑቲ መራሕቲ ኢትዮጵያ ዘለዎም ፖለቲካዊ ባህርን ስነ-ኣእምሮኣዊ ኣቓውማን ምርኣይ የድሊ። ሓደ ካብ ዝዓበየ መግለጺ ናይ ኣእምሮ ማእሰርቲ፡ ልኡላውነት ጎረባብቲ ሃገራት፡ ብቐሊሉ ክጥሓስ ከም ዝኽእል ወይ ክግሃስ ዝግባእ ተራ መስመር ገይርካ ምሕሳብ እዩ። ኣብ ዘመናዊ ዓለም፡ ዶባት ሃገራት ብዓለምለኻዊ ውዕላትን ሕግታትን ዝተሓለዉ እዮም። ሓንቲ ሃገር ወደብ ስለ ዘይብላ ጥራይ፡ ናይ ካልእ ሃገር ልኡላዊ መሬት ክትወስድ መሰል ኣለኒ ኢላ ክትሓስብ ከላ፡ እዚ እቲ ዝዓበየ ናይ ኣእምሮ ማእሰርቲ እዩ። እዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ እዚ፡ ካብቲ "ሓደ ክረብሕ እንተኾይኑ እቲ ሓደ ክኸስር ኣለዎ" ዝብል ናይ 19 ክፍለ ዘመን ናይ መግዛእቲ ኣተሓሳስባ ዝምንጬው እዩ። ካልእ መግለጺ ናይዚ ማእሰርቲ እዚ ድማ፡ ኑቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ብዥራውን ፖለቲካውን ቅልውላዋት ንምሽፋን፡ ወይ ድማ ንህዝባዊ ኣቓልቦ ካብቲ መሰረታዊ ጸገማት ንምጥምዛዝ፡ ንጉዳይ ወደብን ባሕርን ከም መለዓዓሊ ናይ ሃገራውነት ስምዒት ገይርካ ምጥቃም እዩ።

ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘመን፡ ሓንቲ ሃገር ክትዕብን ክትብልጽግን ናይ ግድን ናይ ገዛእ ርእሳ ልኡላዊ ኣፍደገ ባሕሪ ክህልዋ ኣየድልያን እዩ። ዘመናዊ ቁጠባን ንግድን ብሕጋዊ ውዕላትን ንግዳዊ ምትሕብባርን እዩ ዝምራሕ። ንኣብነት፡ ስዊዘርላንድን ኦስትርያን ኣብ ኤውሮጳ ዝርከባ ወደብ-ኣልቦ ሃገራት ኮይነን፡ ምስ ጎረባብተን ዘለወን ዝምድና ብሰላማዊ መገዲን ዘመናዊ ንግዳዊ ውዕላት ብምፍራምን፡ ካብቶም ዝሃብተማን ዝማዕበላን ሃገራት ዓለም ክኾና ክኢለን እየን። ንሳተን ንወደባት ጀርመን፡ ኢጣልያ ወይ ሆላንድ ክጥቀማ ከለዋ፡ ነዞም ወደባት ንምውናን ወተሃደራዊ ሓይሊ ኣይተጠቐማን፤ ንልኡላውነት እዘን ሃገራት ኣይተናኸፋን። ወደብ ማለት ንግዳዊ ትካል ደኣ እምበር፡ ወተሃደራዊ ወይ ልኡላዊ ሓይሊ ዘርኣየሉ መድረኽ ኣይኮነን። ኢትዮጵያ ወደብ ክትጥቀም እንተደልያ፡ እቲ መገዲ ንግዳዊ ስምምዓት ምፍራም፡ ቀረጽን ክፍሊትን ብምኽፋል ሰላማዊ ምስግጋር ምርግጋጽ፡ ከምኡ'ውን ኣብቲ ወደባት ሓባራዊ ወፍሪ ብምግባር ረብሓታታ ምስ ጎረባብታ ምትእስሳር እዩ።

ቀይሕ ባሕርን ወሽመጥ ዓደንን ኣገደስቲ ዓለምለኻዊ ናይ ንግዲ መስመራት እዮም። ኢትዮጵያ ከም 'ዓባይ' ሃገር፡ ኣብ ክንዲ ኑቲ ግጭታት እተቃልሕ፡ ንሰላምን ምርግጋእን ዘሰርሕ ዲፕሎማሲያዊ ግደ ክህልዋ ምተገብአ። እንተኾነ ግን፡ እቲ ዘይሕጋዊ ፖሊሲኣ፡ ኑቲ ዘሎ ጸጥታዊ ኩነታት ብዝገደደ ከም ዝበላሾ ይገብሮ ኣሎ። ዓለምለኻዊ ሕጊ ባሕሪ፡ ወደብ-ኣልቦ ንዝኾና ሃገራት ናይ ምስግጋር መሰል ከም ዘለወን ይድንግግ'ዩ። እዚ መሰል እዚ ድማ ብዘይ ዝኾነ ወተሃደራዊ ግጭት፡ ብዲፕሎማሲያዊ ምይይጥን ንግዳዊ ስምምዓትን ዝፍጸም እዩ። መራሕቲ ኢትዮጵያ ነዚ ሕጋዊ መስመር እዚ ገዲፎም ወተሃደራዊ ምፍርራሕን ዘይወግዓዊ ስምምዓትን ክመርጹ ከለዉ፡ ኑቲ ሓቀኛ ዓለምለኻዊ ሕጊ ከም ዘይተዱእዎ ዘርኢ ወይ ካብቲ ግዜኡ ዝሓለፈ ናይ ምስፍሕፋሕ መስፍናዊ ሕማም ከምዘይተላቐቑ ዘመልክት እዩ።

ቀርኒ ኣፍሪቃ ብሰንኪ ግጭታት፡ ድኽነትን ፖለቲካዊ ዘይምርግጋእን ዝሳቐ ዘሎ ዞባ እዩ። እቲ ፍታሕ ግን ሓድሽ ናይ ኩናትን ግጭትን ግንባር ምኽፋት ዘይኮነ፡ ናይ ሓባር ዞባዊ ምትሕብባር ብምፍጣር እዩ። ከምቲ ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት ዶባታትን ወደባታትን ብሓባር ዝጥቀማሉን ንግዳዊ ፍሰተን ብዘይ ዝኾነ ዕንቅፋት ዘካይዳሉን፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ እውን ከምኡ ዓይነት ስርዓት ክሃንጽ ይኽእል እዩ። ኢትዮጵያ ምስ ኤርትራ፡ ጅቡቲ፡ ሶማሊያን ኬንያን ብሰላምን ብምትእምማንን ክትሰርሕ እንተትኽእል፡ መላእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሓደ ናይ ንግዲ ማእከል ምኾነ ነይሩ።

ዶባት ክኽፈቱ፡ ምስግጋር ክቐላጠፍ፡ ሰላማዊ ሰባት ብነጻነት ክንቀሳቐሱ፡ ንግዳዊ ካፒታል ክፈስስ ዝኽእል፡ መራሕቲ ኢትዮጵያ ካብዚ ቀይዱዎም ዘሎ ናይ ኣእምሮ ማእሰርቲ ሓራ ክወጹ ከለዉ ጥራይ እዩ። ናይ ኣእምሮ ማእሰርቲ፡ ታሪኽ ብምጥምዛዝ፡ ወይ ጽውጽዋያት ብምምሃዝ "ቀደም መሬትና ነይሩ" ብዝብል ሕልሚ ንዘመናዊ ዶባት ክትቅይር ምፍታን እዩ። እዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ እዚ፡ ንሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ናብ ዘየቋርጽ ናይ ኩናት ዑደት ዝደፍእ እዩ። ሓቀኛ ብልሓት ግን፡ ኑቲ ታሪኽ ኣብ ቦታኡ ገዲፍካ፡ ንመጻኢ ወለዶታት ዘማዕዱ፡ ሰላማዊ መገዲ ምምራጽ ጥራይ እዩ። ኢትዮጵያ ብተፈጥሮኣዊ ኣቀማምጣኣ ናብ ዝተፈላለዩ ኣገደስቲ መሳኹቲ ባሕሪ ክትበጽሕ እትኽእለሉ ሰፊሕን ምቹእን መገድታት ዘለዋ ዕድለኛ ሃገር እያ። ነዚ ዕድል'ዚ ተሓሪምካ፡ ካልእ ፈጺሙ ዘይመስል 'ዕድል' ክትፈጥር ምፍታን ግን ሰበቡ 'ኣይግድን!' ጥራይ'ዩ ዘብል።




---


## መደብ ቴለቪዥን

ሰንበት 02/08/2026

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:02 | ፊዮሪና |
| 09:40 | ፓኖራማ |
| 10:15 | ዶክመንት |
| 11:00 | መደብ ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ (ቀጥታ) |
| 13:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | መደብ ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:30 | መደብ ፈንቅል |
| 18:05 | መድብ ዋልታ |
| 18:35 | መደብ ሙዚቃ ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

(ሰኑይ) ዕለት03/08/2026

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዓለም ስነ ጥበብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዶክመንት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎው ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:26 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን ህዝባዊ ግንባር

3ይ ክፋል

### ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር (ጀማሂር)



ሓላፊ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር ተጋዳላይ ስብሓት ኤፍሬም - ሰሚናር እናካየደ ከሎ

ኩሉ ግዜ ብዛዕባ ደጀንን ንጥፈታቱን ክንዛረብ ከለና፡ ብዛዕባ እተን ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ጉባኤታት ህዝባዊ ግንባር ብዝተፈላለየ መልክዕን ቅርጽን ደጀናዊ ንጥፈታት ዘሰላስላ ዝነበራ 11 ክፍልታት ናይቲ ውድብ ንዛረብ ኣሎና ማለት'ዩ። ግንባር ክንብል እንከለና፡ ነቲ ኣብ ግንባር ዝነበረ ብቐጥታ ምስ ወተሃደራዊ ንጥፈታት ዝኸይድ ኣሃዱታት ማለት ብዛዕባ ክፍለ ሰራዊትን ብርጌድን ወይ ካብኡ ንታሕቲ ዝወርድ ሰንሰለታዊ ኣወዳድባ ሰራዊትን ኣብቲ ግንባር ዝህሉዎ ወተሃደራዊ ንጥፈታትን ንዛረብ ኣሎና። ኣብ ደጀን ግን፡ በንጻሩ ነቲ ኣብቲ ግንባር ዘሎ ወተሃደራዊ ሓይሊ ዝቕልብን፡ ዝሕግዝን ዝጎደለ ዝምልእን፡ ብዕጥቅን ስንቅን ነቲ ግንባር ዝድርዕ ብዘይ እቲ ግንባር ህላወ ዘይብሉ፡ እቲ ግንባር'ውን ብዘይኡ ትርጉም ዘይብሉ ኣገዳሲ ክፋል ሰውራ'ዩ።

ማዕረ-ማዕረ'ቲ መሬትን ህዝብን ሓራ ንምውጻእ ዝካየድ ዝነበረ ብርቱዕ ቃልሲ እምበኣር፡ ነቲ ጸኒሑ መግዛእታውን ያታውን ምምሕዳር ብህዝባዊ ምምሕዳር ንምትካእ፡ ኣብ ሓራን ሓወሲ ሓራን ቦታታት ብምርጫ ህዝቢ ዝቖመ ህዝባዊ ባይቶታት፡ ህዝባዊ ሸማግለታትን ሸማግለታት ብደሆን ይምስርት ነበረ። እዚ ድማ፡ ዕማም ናይቲ ኣብ ደጀን ዝነበረ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር'ዩ።

እዚ ክፍልታት እንተ ዘይነብር፡ ነቲ ብጅግንነት ኣብ ግንባር ኮይኑ ዝዋጋእ ኣብቲ ውግእ ድማ መውጋእቲ ዘጋጥሞ፡ ምናልባት እቲ መውጋእቲ ቀሊል እንተዀይኑ ጸገም የብሉን። እቶም ኣብ ቅድመ ግንባር ዝርከቡ ኣጋር ሓካይም'ውን ክሕክምዎ ይኽእሉ'ዮም። እቲ ብርቱዕ መውጋእቲ ግን፡ ናብቲ ኣብ ደጀን ዝርከብ ኣብ ትሕቲ ክፍሊ ሕክምና ዝቖመ ምዕቡል መሳርሒታት ዝዓጠቐ ሆስፒታላት ከይዱ ተሓኪሙ ሓወዩ ከም እንደገና ናብቲ ግንባር ተመሊሱ ቃልሱ ይቕጽል ወይ ኣብቲ ክፍልታት ተመዲቡ ካብኡ ዝድለ ዓቕሙ የበርክት። ብኸምዚ ድማ፡ ኣብ ደጀን ዝርከብ ክፍልታት ነቲ ግንባር ጸኒዑ ሕቖ ኮይኑ ብድሕሪት ንዝጎደለ ይምልኣሉ።

ስለዚ ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ዝረኣናዮ ኣብ ህዝባዊ ግንባር 11 ዝተፈላለየ ንጥፈታትን ኣገዳስነትን ዝነበሮ ክፍልታት ነይሩ። እዚ ክፍልታት'ዚ ድማ ናቱ ዕማማት ነበሮ። እዚ ኣብ ደጀን ብኽፍልታት ዝካየድ ዝነበረ ዕማማት ከኣ፡ ነዚ ሓድሽ ወለዶ ምእንቲ ክፈልጦ ካብ ዝተፈላለየ ጽሑፋትን መጽሓፍትን እናተወከስና ኣብ ዓምዲ ካብ ታሪኽ ሰውራና ብቡሉይ ነቕርቦ ኣሎና። ኣብዚ ናይ ሎሚ እንዝርእዮ ብቐዳምነት ሰሪዕናዮ ዘሎና ክፋል ድማ፡ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር'ዩ። ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር ኣብ ቃልሲ ወይ ሰውራ እንታይ ተራ ከም ዝነበሮ ብጽሙቕ ዝበለ እዚ ዝስዕብ'ዩ።

ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ደሓር (ህ.ግ.ሓ.ኤ.) ኣብቲ ፈለማ ፍሉጥ ደጀን ዘይነበረሉ እዋን ኣብ ሰሜናዊ ሳሕል ብፍላይ ኣብቲ ሰፊሩዎ ዝነበረ ከባቢታት ተብሕ (ገርግር ኣስመራ) ከም ማጠዐ ዝኸውን ክፍልታት መስሪቱ ነይሩ። ሓደ ካብዚ ንፈለማ እዋን ኣብ 1974 ዝመስረቶ



ዝተወደበ ህዝቢ ንሓርነቱ ይቃለስ

ክፍሊ ድማ፡ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር ነበረ። ህዝባውያን ማሕበራት ምቛም ሓደ ክፋል ናይቲ ዕማም ስለ ዝኾነ ከኣ፡ ክሳብ 1979 ኣብ ዝነበረ እዋን ማሕበራት ሰራሕተኛታት፡ ተማሃሮ፡ ሓረስቶትን ደቂ-ኣንስትዮን ከም ዝውደባን ንጹር ፕሮግራም ከም ዝህልወን ገበረ።

እዚ ክፍልታት'ዚ፡ ቀድሚ'ቲ ኣብ ጥሪ 1977 ኣብ ፋሕ ዝተገብረ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ዝቖመ እዩ። ክፍሊ ህዝቢ ንሰውራን ህዝብን ዘራኽብ ድንድል ኮይኑ፡ ህዝቢ ነቒሑ፡ ተወዲቡ ኣብ መጠረሽታ ከም ዝዓጥቕ ዝገበረ ክፍሊ'ዩ። ስለዚ "ሓፋሽ ይንቃሕ ይወደብ ይተዓጠቕ" እትብል ጭርሖ ህዝባዊ ምምሕዳር ዓቢ ትርጉም ከም ዘለዋ ክንርስዕ ኣይግባእናን'ዩ። ምኽንያቱ "ሓፋሽ ነቒሑ እንተ ተወዲቡ፡ ይቃለስ'ሞ ይረክብ ዓወቱ" ተባሂሉን ተዘዪሙን'ውን። ዘይነቕሐ ህዝቢ ኣይውደብን፡ ዘይተወደበ ህዝቢ'ውን ኣይዓጥቕን፡ ህዝቢ እንተ ዘይዓጠቐ ድማ፡ እቲ ዝካየድ ሓርነታዊ ሰውራ ክዕወት ኣይክእልን ጥራይ ዘይኮነ ተብታቲኑ'ውን ክተርፍ ይኽእል'ዩ።

ተልእኾ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር ህዝባዊ ስልጣን ምድልዳል፡ ህዝቢ ብብማሕበራዊ ቀጸላኡ ዝጥርንፉ ሃገራውያን ማሕበራት ምምስራትን እጃመን ኣብ ቃልሲ ከም ዘበርክታ ምግባርን፡ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ማሕበረ ኮማት ምምስራትን ጸገማት ኣብ ስደት ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ ንምፍታሕ ኣበርክቶ ምግባርን፡ ፖለቲካዊ ባህሊ'ውን ትካላት ህዝቢ ምምዕባል፡ ተራድኣዊ ጥርናፈታት ምቛምን ምምዕባልን፡ ህዝቢ ግርጭታቱ ባዕሉ ከም ዝፈትሕ ምግባር፡ ኣብ ኩሉ ዓውድታት፡ ጸገማት ህዝቢ ብቐረባ ክፈትሑ ዝኽእሉ ሞያውያን ንምፍራይ ዝተፈላለየ ስልጠናታት ምሃብ ወዘተ ዝብል ነበረ።

ነዚ ንምትግባር ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር ኣብ ሸዱሽተ ዞባታት ኤርትራ (ሳሕል፡ ባርካ፡ ምዕራብ፡ ማእከላይ ምብራቕ፡ ምብራቕ፡ ደቡብ)፡ ኣብ ወጻኢ ከኣ ኤርትራውያን ኣብ ዝነበሩሉ ሃገራት ህዝባውያን ማሕበራት ከም ዝምስርቱን ዜጋታት ብብማሕበራዊ ቦታኦም ከም ዝውደቡን ኣብ ምግባር ይነጥፍ ነበረ።

ክፍሊ ህዝቢ ኣብ ሓራን ሓወሲ ሓራን መሬት ኮነ ኣብ ውሽጢ መስመር ጸላኢ ካብ ዋህዮ ጀሚሩ ብደረጃ ዓዲ፡ ወረዳ፡ ንኡስ ዞባን ዞባን ሓያል ውዳበታት ህዝቢ ክፈጥር ዝኸኣለ ክፍሊ እዩ። ኣብ ሓራ መሬት ብፍላይ ብምርጫ ህዝቢ ዝምስረቱ ህዝባዊ ባይቶታት፡ ህዝባዊ ሸማግለታት፡ ሸማግለታት ብደሆ ወዘተ፡ ዝተሰምዩ ምምሕዳራዊ ኣካላት ብምቛም ኩሉ መዳያዊ ዕማማት ምሕደራ ህዝቢ የሰላስል ነበረ።

ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር ጨንፈር ወጻኢ፡ ሃገራውያንን ሞያውያንን ህዝባዊ ማሕበራትን ማሕበረ ኮማትን ብምቛም ሓያል ፍቕሪ ሃገርን ናይ ቃልሲ መንፈስን ኣብ ምኽስኻስን፡ ዓቕሚ ዜጋታት ብምትሕብባር ማሕበረ ቀጠባዊ ሽግራት ህዝቢ ኣብ ምፍታሕን፡ ስደተኛ ህዝቢ ዘጋጥሞ ዝነበረ ናይ ተጻሎ ስምዒት ኣብ ምስዓር፡ ባህሊ ኣብ ምዕቃብ፡ በዚ መንገዲ'ዚ ግደ ናይቶም ብስደትን ካልእ ኩነታትን ኣብ ወጻኢ ዝቕመጡ ዝነበሩ ኤርትራውያን ንምዕባይ ኣድማዒ ውዳበታት ፈጢሩ፡ ኣብ ጎደኒ ሰውራኦም ደው ክብሉ ዘኽኣለ ኣብ ምዕዋት ሓርነታዊ ቃልሲ ዓቢ ግደ ዝተጻወተ ክፍሊ ካብ ክፍልታት ህዝባዊ ግንባር እዩ።

መወከሲ መጽሓፍቲ፦ ደጀንን ዘይተነግረ ገድልን ካልእን

ይቕጽል...

## ካብ ሰነዳት ስእልታት ሰውራ

እዞም ኣብ ታሕቲ ንርእዮም ዘሎና ተስፋይን ማሕሙድን ዝበሃሉ ጀጋኑ'ዮም። ክልቲኦም ኣብ ሓደ ዕላማ ስለ ዝነበሩ ድማ ተራኺቦም። ተስፋይ ኣብ 1976 ኣብ ድባርዋ ኣብ ዝተገብረ ስርሒት ሕቘኡ ተሃሪሙ ሰንኪሉ። ካብ 1979 ክሳብ 1991 ናጽነት ድማ፡ ኣብ ክሊኒክ ህ.ግ. ፖርትሱዳን ነበረ። ማሕሙድ እውን፡ ኣብ 80ታት ብጅግንነት እናተዋግአ ክልተ ዓይኑ ፈሲሰን ክልተ እዝኑ ድማ ጸሚመን። ስለዚ ማሕሙድ ክሰምዕን ክርእን ኣይክእልን ነበረ። ናብ ተስፋይ ኣብ ፖርትሱዳን ምስ መጸ ግን፡ ተስፋይ ካብ ብጻያዊ ሓልዮት ተበጊሱ፡ ብኣእዳው ዝድህሰስ



ስዉኣት ተስፋይን ማሕሙድን

ፊደላትን ቍጽርታትን ኣብ ሓደ ሉሕ ሰሪዑ ምስ ሰብ ከም ዝረዳዳእ ገይሩ። ማሕሙድ ድማ፡ ኣብ ዝኸዶ ቦታ ነቲ ፊደላት ተሰሪዑሉ ዘሎ ሉሕ ይሀበካ'ሞ፡ ነቲ እትደልዮ ቓል ኢዱ ሒዝካ ናብቲ ፊደላት ብምድህሳስ ከም ዝረዳዳኣካ ይገብር። ብሳላ እዚ ድማ፡ እቲ ጸማምን ዓይነስውርን ማሕሙድ፡ ሳላ ብጻዩ ተስፋይ ምስ ሰብ ከም ዝረዳዳእ ኮይኑ። እዚ ድማ፡ ልዑል ብጻያዊ ሓልዮት ተጋደልቲ ኣብ ንሕድሕዶም ዝነበረ ቅዱስ ባህርን ሕልናን ናይ ዘበን ገድሊ'ዩ።

ሎሚ ማሕሙድን ተስፋይን ብህይወት የለዉን። ክልተኦም በቲ ዝነበሮም ከቢድ ስንክልና ተመራሪሖም ተሰዊኦም'ዮም።

## ካብ ሕቶታት ታሪኽ ሰውራና

1. ምምስራት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ካይሮ መዓስ ነይሩ፧
ሀ/ ሓምለ 1960 ለ/ ሓምለ 1958 ሐ/ ሓምለ 1961

2. ላዕላዋይ ባይቶ ተሓኤ ንተጋደልቲ ኣብ ኣርባዕተ ክፍልታት ክመቓቐሉ ዝወሰነሉ ኣኼባ መዓስ ነይሩ፧
ሀ/ ሓምለ 1965 ለ/ ሓምለ 1966 ሐ/ ሓምለ 1967

3. እዘን ዝስዕባ ካብቲ ኣብ ወርሒ ሓምለ ዝተሓረራ ከተማታት ኤርትራ'የን።
ሀ/ ከረን ለ/ ባረንቱ ሐ/ ደቀምሓረ መ/ ኩሉ መልሲ'ዩ።

4. ብዕለት 15 ሓምለ 1977 ካብ ቤት ማእሰርቲ ሰምበል ብተጋደልቲ ህ.ግ. ዝተለቐቑ ክንደይ ዜጋታት ነይሮም፧
ሀ/ 100 ለ/ 500 ሐ/ 800 መ/ 400

5. ኣብ ሓምለ ካብ ዝተፈጸመ ወራራት ደርግ ጥቐሱ፧
ሀ/ 1ይ ወራር ለ/ 3ይ ወራር ሐ/ 4ይ ወራር መ/ 5ይ ወራር

6. ኣብ ምድምሳስ ናይቲ ብውቃው እዝ ዝፍለጥ ኣብ (ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል) ዓሪዱ ዝነበረ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝተደምሰሰ ክንደይ ይግመት፧
ሀ/ 8000 ለ/4000 ሐ/6000

7. ቀንዲ ደጀን ወይ መናሃርያ ውቃው እዝ ዝነበረ ቦታ ጥቐሱ፧
ሀ/ ግራት ለ/ ማርሳ ተኽላይ ሐ/ ኣውገት መ/ ኣልጌና

8. ኣብ ፈለማ 70ታት 1ይን 2ይን ወገን ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ስሙር ግንባር ዝመስረተሉ ከተማ፧
ሀ/ ካርቱም ሱዳን ለ/ ሞቓድሾ ሶማል ሐ/ በይሩት ሊባኖስ መ/ ደማስቆ ሶርያ

9. እቶም ኣብ ሓደ ዓመት ጥራይ ዝተኻየዱ ወራራት ደርግ ኣየኖት'የም፧
ሀ/ 1ይ 2ይ 3ይ ለ/ 2ይ 3ይ 4ይ ሐ/ 3ይ 4ይ 5ይ መ/ 4ይ 5ይ 6ይ

10. ካብ ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ "መቓይሮ" ዝብል መጽሓፍ ብዛዕባ ኣየናይ ግንባር የዘንቱ፧

ሀ/ ግንባር ናቕፋ ለ/ግ ንባር ሓልሓል ሐ/ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል

Zara Mining Share Company

## VACANCY ANNOUNCMENT

| | |
|---|---|
| **Position:** | **LV Mechanic** |
| **No required** | **04** |
| **Location:** | Based at Koka Gold Mine (Site) |
| **Department** | Mining |
| **Reporting to:** | Mine Maintenance Supervisor |
| **Job purpose** | ■ Well experienced in diagnosing and repairing mobile and stationary motor vehicles and Generators (Toyota Land Cruiser, Hilux, Coaster, Mitsubishi, Foton, Atlas Copco lighting Generators, Water pumps and others as required). |
| **Duties & Functions** | ■ Inspect, test, and diagnose faulty operations and parts including electrical systems to identify issues or potential malfunctions<br>■ Perform regular vehicles' safety, maintenance inspections of all systems (Engine, Chassis, Transmission, Brake, Lubrication and cooling fluid level and quality checkups, tires rotation, Electrical systems etc.) and major and minor repairs including PM tasks as required<br>■ Use Diagnose tools to test and repair malfunctioned systems (Engine, Brake, Transmission, electrical system and other components)<br>■ Disassemble and reassemble Light vehicle components and installing new electrical parts and accessories<br>■ Reading and interpreting technical manuals, diagnostic charts, electrical circuit diagrams and schematics to repair existing vehicle defects<br>■ Identify and Order necessary parts and tools required to repair vehicles' faults<br>■ Work and communicate effectively with vehicles' operators to identify reported faults, plan necessary repairs and provide estimated maintenance time<br>■ Perform road test for repaired vehicles to ensure proper operational performance<br>■ Keep logs of work and report any issues to respective supervisors |
| **Knowledge & Skills Required:** | ■ 12th Grade Completion certificate (able to provide written reports to supervisors)<br>■ Vocational Certificate in Auto Mechanic and/or Auto Electrician<br>■ Valid driving license (Grade 3 and above is preferable) |
| **Work Experience** | ■ Minimum 5 years work experience as a Mechanic and Auto electrician, Mine related experience is an asset<br>■ Good Knowledge of all Auto mobile Systems (Engine, mechanical and electrical systems of any mobile or stationary equipment)<br>■ Willingness to observe all safety precautions for protections against accidents, dangerous fluids, electric lines, chemicals . |
| **Other skill & abilities** | ■ Willing to learn and take direction<br>■ Excellent physical condition and flexibility to work for long time in narrow places<br>■ Ability to communicate well with co-workers<br>■ Ability to work independently or as part of a team to complete repairs in a timely and efficient manner<br>■ Able to meet all safety requirements and policies and apply accordingly in any working condition and place<br>■ Knowledge of safety procedures to prevent accidents during repair and maintenance work<br>■ Work extra time as required<br>■ Must be capable to work and perform under pressure.<br>■ Good communication and interpersonal skill (Spoken and written English is an asset).<br>■ Job relevant skills are appreciable |
| **Unique requirements** | ■ To be able to pass a full Doctor's physical examination.<br>■ To be able to work with ZMSC's roster. |

**Salary** As per the Company scale

**Additional Requirement for nationals:** - Having fulfilled his/her National Service obligations and providing evidence of a release paper from the Ministry of Defense. Present Clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned to the sender.

Please mail your application to the **ZARA MINING SHARE CO P. O. Box 2393. Asmara,**

**Note to Eritrean applicants**: - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272

**Deadline for application**: 7 days from the day of announcement.

# ስነ-ልቦናዊ ልምምድ

ቶማስ ሙሉጌታ

ኣብ ሓደ ዓዲ ሓንቲ በቐሊ ጥራይ ዝነበረቶ ድኻ ሓረስታይ ነበረ። እዛ በቐሊ ኣብቲ ቤት እትህቦ ኣገልግሎት ቀሊል ኣይነበረን። ማሕረስ ትሓርስ፡ ጽዕነት ትስከም፡ ዝጐተት ትጎትት፡ ኮታስ ኩሉ ስራሕ ትሰርሕ ነበረት። ኣብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ግን፡ ምዩ በቐሊ ኣብዚ ኣትያ ከይተባህለት ተሸርበት። ዋና በቐሊ፡ ኣብ ዝኣትዎ ጠፍኦ። ሓንቲ ብሓንቲኣ ሽርብ ኢላትኒ ኢሉ መዓንጣ ኩቡዱ ሕርር በለ። ንጽባሒቱ ጸሓይ በርሃው ምስ በለ፡ በቐሊ ምስ ካልኦት ብዙሓት ናይ በረኻ ኣፍራስ ምልስ በለት። ድኻ ኩነተይ ኣብቂዑ ኢሉ ልቡ ብሓጎስ ክትዘልል ደለየት። ኣብተን ዝቐጸላ መዓልታት፡ ወዱ ምግላብ ኣፍራስ ክላመድ ኢሉ ንሓንቲ ካብተን ናይ በረኻ ኣፍራስ ወሲዱ ከጋልብ እንከሎ ወዲቑ ኢዱ ተሰብረ። እቲ ድኻ ሰብኣይ ሕጂ'ውን ኣብ ከቢድ ጭንቀት ኣተወ። እተን ኣፍራስ ዝመጻላ መዓልቲ ረገመ። ድሕሪ ገለ እዋናት ኣብቲ ዓዲ ኩናት ተኣወጀ። ኩሉ ኣባሪ ክኸትት'ውን ተኣገረ። እቲ መንእሰይ ግን ኢዱ ተሰይሩ ስለ ዝነበረ፡ ካብ ምኽታት ተረፈ።

ኣብ ዓለም ንሰብ ዕጉብ ዝገብሮ ተኣምራታዊ ሓይሊ ኣሎዶ፧ ኣብ ዓበይቲ መጻሕፍቲ፡ ብዙዕባ መንፈሳዊ ጥቕሙ ብዙሕ ተባሂሉ'ዩ። ኪንዮ መንፈሳዊ ትርጉሙ፡ ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታትና ዝህቦ ረብሓ'ውን ብቐሊሉ ዘርኣ ኣይኮነን - ሓይሊ ምስጋና።

ሮንዳ ባይርን፡ ኣብታ ኣብ 2012 ዝተሓትመት ናብ 41 ቋንቋታት ተተርጒማ ዓቢ ኣድናቖት ዘትረፈት "the secret the magic" እትብል መጽሓፋ ከም'ዚ ብምባል ትገልጽ፥ ኑቲ ብተፈጥሮ ዝተዓደለና ኣብ ግዜ ህጻንነትና ዝነበረና ብህይወትን ተፈጥሮኣዊ ነገራትን ዝምሰጥ ባህርያትና እናዓበና ብዝኸድና እናጠፍአ ይመጽእ። ዓቕመ ኣዳም ኣብ ዝበጻሕናሉ ግዜ፡ ሓላፍነትን ብድሆታትን ኣብ ዝጠንና ክጸዓኑ ስለ ዝጅምሩ፥ እቲ ንዓለም ዝነበረና ንጹህ ኣመላኻኽታ ካብና ክጠፍእ ይጅምር። እቶም ቀደም ዘሐጉሱና ዝነበሩ ነገራት ብብቑሩብ ኣቓልቦ እናነፈግናዮም ንመጽእ። ትርጉም ምንባርና'ውን ዕግበት ንስእነሉ፣ ንጭነቕ፡ ነስተማስል። ስለዚ እዩ ድማ ምስ ቈልዓ ኣብ እንኾነሉ ግዜ ሕጉስ ስምዒት ዝህልወና። ወላ'ውን ንሓጺር ግዜ ኑቲ ሕሉፍ ስምዒታትና ነስተማቕረሉ ግዜ ብምርኻብና ሓጉስ ዝሰምዓና። ኣብ መንፈሳውያን ጽሑፋት ዘለዉ ቃላት ግን ሓደ ምስጢር ሓቑፎም ኣለዉ። ንኣብነት፥ "ኑቲ ዘለዎ ይወሃቦ ይውሰኾ'ውን፡ ኑቲ ዘይብሉ ግን እታ ዘላቶ እኳ ይሕደግ" ዝብል ኣሎ። ነዚ ሓረግ ኣንቢብ ኩተብላ ከለኹ፡ "እቲ ሃብታም መሊሱ ክህብትም፡ እቲ ድኻ ድማ መሊሱ ክደኪ'ዩ" ዝብል ዘሎ ይመስል። እንተኾነ፡ ኣብኣ ዝተሰወረት ሓንቲ ታኣምራታዊት ቃል ኣላ፡ ንሳ ድማ 'ምስጋና' እያ። ኩሎም እምነታትን ባህልታትን'ውን ነዚ ዘራጉዱ ሓረጋት ኣለዎም። እቲ ዝርዝር ነዊሕ'ዩ። ሮንዳ ባይርን፡ ኣዚ ናይ ምስጋና ሓይሊ ኢላ ዝሰመየቶ፡ ቦታን ግዜን ብዘየገድስ ኣብ ኩሉ ክሰርሕ ዝኽእል ኣድማሳዊ ሕጊ ምዃኑ ትጠቅስ።

ኣብ ስነ-ፍልጠታዊ ርኽበት፡ ሓደ ካብ መሰረታውያን ሕግታት ምንቅስቓስ ከምዚ ብምባል ይገልጽ፡ "ነፍሲ ወከፍ ተግባር ኣንጻሩ ዝኾነ ግብረ መልሲ ኣለዎ" ይብል። ባይርን፡ ኣብታ ንተመኮሮ ህይወታ ኣብኮት ገይራ ዘዳለወታ መጽሓፋ ብሰፊሑ ነዚ ምስጢር ኣብሪሃቶ ኣላ። እዛም ኣብዛ መጽሓፍ ተጻሒፎም ዘለዉ ግብራውያን ልምምዳት ንኹሉ ክንጭብጦ እንደሊ ሕልምታትናን ባህግታትናን ኣብ ምርኻብ ሓገዝቲ እዮም - ብመሰረት ሮንዳ ባይርን። እዞም ልምምዳት፡ ጸሓፊት ኣብ ግዜ ህይወታ ከም ዝፈተነቶም ትገልጽ። " እቲ ደብዛዝ ዝነበረ ህይወተይ ከም ባና ክደምቕ ተዓዚበ'የ" ድማ ትብል። "ምስጢር ምስጋና ዕምቆቱ ውቅያኖስ ስፍሓቱ ድማ ኣድማስ'ዩ" ትውስኽ ንሳ። "እዞም ግብራውያን ልምምዳት ምስ እተተግብር ጥዕናኻ ክመሓየሽ፡ ዝምድናታትካ ክድልድል፡ ጸጋታትካ ኩብርክት ክትዕዘብ ኢኻ። ሮንዳ ዝረኣየቶ ንስኻ'ውን ከም እትርእዮ እምንቶይ'ዩ። ኣነን ንስኻን ነታ ዝበለጸት ጽባሕ ብተስፋ ንምቕባል ነዞም ግብራውያን ልምምዳት ክንጅምሮም ኢና። እዞም ልምምዳት፡ ተኣምራታውያን ልምምዳት'ዮም። ኣብ ውሽጦም ብዙሓት ምስጢራት ዝሓዙ ከም ውቅያኖስ ኣገዳዊ ዓሞቕቲ'ዮም። ኣብ ውሽጦም ጥሒልካ ኑቲ ዘይውዳእ ጥበብ ሐዚኻ ክትወጽእ ኢኻ። ታሪኽ በዩም ምስጋና ዝሃቡን ኣብ ወዲ ሰብ ዓቢ ኣበርክቶ ዝገበሩን ዝተመልኡ'ዩ" ብምባል ትገልጽ።

ወዲሰብ ኣብ ኣድማስ ንዝነበሮ ኣረኣእያ ዝቐየረ ስነፍልጠታዊ ርኽበት ዝረኸበ እቲ ዓቢ ሊቕ ኣልበርት ኣንስታይን ኑቲ ዝበጽሖ ደረጃ ዝሓገዞ መሳልል ኣብ ዝተሓተተሉ እዋን፡ ንኻልኦት ዘለዎ ምስጋና ጥራይ'ዩ ገሊጹ። እዚ ብሉጽ ኣእምሮ ዝነበሮ ሊቕ፡ ንኻልኦት ብዘገበርዎ ስራሕ ልዕሊ ሚእቲ ግዜ ንመዓልቲ ምስጋና የቕርብ ምንባሩ ይገልጽ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ምስጋና የቕርብ ነይሩ። ንሱብ ኣብ ክንዲ ምውቃስ ምምስጋን ከምዝሓየሸ ደጋጊሙ ይዛረብ ምንባሩ ሮንዳ ባይርን ትጠቕስ። ከም ሞሳ ናይዚ ድማ ጸጋታት ብዝተፈላለየ መንገዲ ተቐቢሉ። እዚ'ዩ እቲ ኣድማሳዊ ሓቂ። ሮንዳ'ውን እቲ ኣብ ህይወታ ከም ዘጋጠመ እትገልጾ ዝፈጥሩ ጸጋታት ከም ትቕበል ሮንዳ ትዛረብ።

ምስጋና ኣድማሳዊ ምስጢራዊ ሓይሊ እዩ። ልክዕ ከም ሕጊ ስሕበት ኣብ ህይወትካ ዕግበት ዝፈጥሩ ጸጋታት ሐዙልካ ከም ዝመጽእ ብዙሓት መጽናዕትታት ይሕብሩ። ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ እዞም ግብራውያን ልምምዳት ንመዓልታት ዝቕጽሉ ኮይኖም፡ ከም ኣድላይነቱ ወይ ኣብቲ ክሰምረልካ እትደልዮ ባህግታት በብሓደ ክትጥቀመሎም ትኽእል። ንኣብነት፡ ኣብ ገንዘብ፡ ጥዕና፡ ማሕበራዊ ርክባት፡ ንብረት ወዘተ በብሓደ ክትጥቀመሎም ትኽእል።

ኣብ ዝኾነ እዋን፡ ማለት ናይ ስራሕ እዋን ይኹን ዕረፍቲ፡ ዋላ'ውን ኣብ ግዜ በዓል ክትግበር ይኽእል። ምኽንያቱ፡ ምስጋና ኣብ ኩሉ እዋንን ቦታን ሒዝካዮ ክትከይድ እትኽእል ስለዝኾነ። ኣብ ዝኸድካዮ ድማ እቲ ተኣምር ይፍጸም። ሓንቲ መዓልቲ እንተኣሕሊፍካ ናይቲ ዝሓለፍካዮ መስርሓት (ጉዕዞ) ክትሰእን ትኽእል ኢኻ። ስለዚ፡ እቲ ተኣምር ብውሑስ መንገዲ ከም ዝቕጽል ንምግባሩ፥ ተመሊስካ ኑቶም ልምምዳት ብምድግጋም ቀጽል። ገለ ልምምዳት ንግሆ ክትግበሩ ዘለዎም ኮይኖም፡ እቶም ዝተረፉ ድማ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታትካ ዝትግበሩ እዮም። እቶም ንግሆ ክትግበሩ ዘለዎም ልምምዳት፡ ምሸት ቅድሚ ምድቃስካ ኣብ መዘክር ኣስፍሮም። ንግሆ ምስ ተንሳእካ'ውን ዳግማይ ከምዘንብቦም ርግጸኛ ኩን። ኣብ ኣእምሮኻ ወሪዱ ጭንቀት፡ ሻቕሎትን ጸቕጥን ክበንን ክፍለጠካ እዩ። ዝፈርስ ዝነበረ ዝምድናታትካ፥ ዘሸግረካ ዝነበረ ቁጠባዊ ጸገም፡ ዘሳቕየካ ዝነበረ ሕማም ከይተረፈ ብናይ ምስጋና ልምምዳት ክትብድሆ ከም እትጅምር ሮንዳ ባይርን ትዛረብ። ብሓፈሻ ካብ ኣሉታዊን ልኡምን ኣተሓሳስባ ወጺእካ ናብ እወታዊን ኣፍራዪን ዘሳግረካ ነጥብታት ብዙሕ እዩ።



**ጸጋታትካ ቁጸር፦** ቅድሚ ነዚ ልምምድ ምጅማርካ ድሌታትካ ብኣርእስቲ ፈላሊኻ ጸሓፍ። ንኣብነት፥ ጥዕና፡ ዝምድና፡ ገንዘብ፡ ንብረት፡ ፋይናንሳዊ፡ ጥዕናዊ፡ ማሕበራዊ ጸገማት፡ ነዚ ግብራዊ ልምምድ ክትጥቀመሉ ምስ ጀመረት ንእሉቱ ከም ትኪ ክበንን ተዓዚበት። ቀጺሉ ድማ ጉዕዞ ህይወታ ዝተፈልየ ኣንፈት ከም ዝሓዘ ትዛረብ። እዚ ልምምዳት ኩተተግብሮ ምስ እትጅምር፡ ዘለዉኻ ጸገማት ጥራይ ዘይኮኑ እንተላይ ንህይወት መቐረት ገዛ፡ መኪና፡ ሕልምታትካ፡ ስራሕ፡ ሞያ፡ ወዘተ እናበልካ ድሌታትካ ኣብ ወረቐት ከምዘስፈርካዮ ኣረጋግጽ። እዚ ግብራዊ ልምምድ ኣብ ውሽጡ ብዙሕ ምስጢራት ዝሓዘ እኳ እንተኾነ፡ ንሎሚ ግን ኣብቲ ግብራዊ ልምምድ ጥራይ ኩተኩር ኢና። እዚ ግብራዊ ልልምድ ንግሆ ዝትግበር ኮይኑ፡ ምሸት ኩተንብሮ





ይምክር። ንግሆ ምስ ተንሳእካ ቅድሚ ዝኾነ ነገር ምግባርካ ምስጋና ትህበሎም ኣብ ሂወትካ ዝርከቡ ዓሰርተ ጸጋታት ዘክር። ደሓር ኣብ ወረቐት ዘርዝሮም። ዓው ኢልካ ወይ ብውሽጥኻ ኣንብቦም። ብዝተኻእለካ መጠን ብውሽጥኻ ኑቲ ናይ ምስጋና ስምዒት ኣስተማቕሮ።

**ዝምድናኻ ምሕዳስ፦** ሰለስተ ናይ ቀረባ እትብሎም ዝምድናታትካ ምረጽ። ንነፍሲ ወከፎም፡ ምስጋና ትህበሉ ምኽንያታት ሓሙሽተ ዘርዝር። "የቐንየለይ" ብምባል፡ ስለምንታይ ተመስጊኖ ከምዘለኻ ግለጽ። ኣብ 10 ዝተፈላለየ ኣገልግሎት ዝሀቡኻ ሰባት ምስጋናኻ ብኣካል ወይ ብኣእምሮኻ ኣቕርበሎም። ጽምው ዝበለ ቦታ ድለ። ኣብ ህይወትካ ለውጢ ዝፈጠሩን ወሰንትን ዝኾኑ ሰባት ዘክር። ኣብ ሓደ ህሞት፡ ኑቲ ሱብ'ውን ስለምንታይ ምስጋና ከም ተቐርበሉን ብኸመይ ህይወትካ ከምዝቐየረን ግለጸሉ። ሓደ ክመሓየሸልካ እተደልዮ ኣሸጋሪ ወይ ጭንቀት ዝበዝሖ ዝምድና እንተሎ'ውን ምረጽ። ኮፍ ኢልካ ብኸመይ ክመሓየሸ ከምዘለዎ ኣሰላስል። ወቐሳን መረረን ገዲፍካ ድማ ብርትዓዊ መንገዲ ምዘኖ። ገጽ ንገጽ ተራኺብኩ'ውን ብእወታዊ ኣገባብ ኑቲ ጸገማት ክትፈትሖ ፈትን።

**ምምሕያሽ ጥዕና፦** ኣብ ወረቐት፡ ብህይወት ምህላውካ ዕድለኛ ምኳንካ ዘዘኻኽር ጽሑፍ ጸሓፍ። ነታ ወረቐት ደጋጊምካ ኣብ እትርእየሉ ቦታ ኣቐምጣ። ብውሑዱ ኣብ ኣስታት ኣርባዕተ ኢጋጣሚታት ነዞም ቃላት ሃዲእካ ኣንብቦም እሞ፡ በቲ ዝበለጸ ህያብ "ጥዕና" ኣመስግን። ኣብ ሕሉፍ ህይወትካ ብዛዕባ ዝነበሩ ብሉጻት እትብሎም ምልኣት ጥዕና እተሰማዓካ እዋናት ሕሰብ። እዚ እዋናት'ዚ ኣብ እዋን ንእስነትካ ክኸውን ይኽእል። በዚ'ውን ኣመስግን። ብዛዕባ'ቶም ብምልኣት ጥዕና ዝሰርሑ ዘለዉ ክፋላት ኣካላትካ ሕሰብ። ብናይ ነፍሲ ወከፎም ድማ ተመስገን በል። ብዛዕባ ኣካላትካ ኮነ ጥዕናኻ ክመሓየሽ እትደልዮ ዘለኻ ምረጽ። ኑቲ እትደልዮ ዘለኻ፡ ኣብቲ ፍጹም እትብሎ ኩነት ብስእለ ኣእምሮኻ ኣእቲኻ ምስጋና ሃበሉ። ኑቲ ናይ ምስጋና ስምዒት ድማ ኣስተማቕሮ።

**ምፍታሕ ፋይናንሳዊ ጸገማት፦** ኮፍ በል እሞ፡ ብዛዕባ ናይ ቁልዕነትካ እዋናት ሕሰብ። ኣብቲ እዋን ብዘይክፍሊት ንዝተቐረበልካ ነገራት ዘክሮ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ብገንዘብ ዘይትመን ጸጋ ዝተዋሃብካሉ ድማ ካብ ልብኻ ኣመስግን። ዝኾነ ዘይተኸፍለ ቅብሊት ውሰድ። ኣብ ነፍሲ ወከፉ "የቐንየለይ" ዝብል ጽሑፍ ጸሓፍ፣ ገንዘብ ይሃሉኻ ኣይሃልኻ ብዘይገድስ። ኣቐዲሙ ዝተኸፍለ ቅብሊት ኣብ ነፍሲ ወከፉ ናይ ምስጋና ቃላት ጸሓፈሉ። ኑቲ ክፍሊት ብምኽፋልካ ድማ እኹል ናይ ምስጋና ስምዒት ይሰማዕካ። እዚ ድማ ኑቲ ፋይናንሳዊ ጸገማትካ ዝፍተሓሉ መንገዲ ንምንዳይ ክሕግዘካ እዩ።

**ኣብ ትምህርትኻን ስራሕካን ዘሎ ውጽኢት፦** ኣደናቒ ውጽኢት ክትረኽበሎም እትደሊ ሰለስተ ነገራት ኣብ መጀመርታ ናይታ መዓልቲ ምረጽ። ኑቶም ዝመረጽካዮም ከምዝረኸብካዮም ብምኳን ምስጋና ኣቕርበሎም። መዓልትኻ እናቐጸለት፡ ዘጋጥሙኻ ካብ ትጽቢትካ ወጻኢ ዝኾኑ ዘርዝር። ብዛዕባ ካብኦም ትጽበዮም ዝነበርካ ነገራት እናሓሰብካ፥ ኑቲ ዝደለኻዮ ውጽኢት ድሮ ከም ዝረኸብካዮ ወሲድካ ኣመስግን። ከምዚ ክትገብር እንከለኻ፡ ናብቲ እትደልዮ ውጽኢት ገጽካ ትሰገም ምህላውካ ክንጽረልካ እዩ። ኣብ ስራሕካ ይኹን ኣብ ትምህርትኻ ወትሩ ደድሕሬኻ እናኸደ ንነፍሲ ወከፍ ምስጋና ትህበሉ ዘበለ ነገራት ዝምዝግበልካን ዝከታተለካን ሓላፊ ወይ መምህር ከምዘሎ ጌርካ ቅረጾ። ጻዕርኻ ድማ ናብቲ እትደልዮ ውጽኢት ክመርሓካ እዩ። ዝበዝሐ እዋን፡ ሰባት ገና ከይጀመሩ፡ " ዋላ'ውን እንተጸዓርኩ ኣይኮነለይን እዩ" ብዝብል ኣሉታዊ ስምዒት ስለዝጐተቱ እዮም ከምቲ ዝግባእ ዘይጽዕሩን በዚ ድማ ከይተዓወቱ ዝተርፉን።

**ተኣምራታዊ ንግሆ፦** ኣንጊህካ ምትንሳእ ንጥዕና ጽቡቕ ምዃኑ ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት የነጽሩ። ንግሆ ካብታ ዓይንኻ ዝኸፈትካላ ህሞት ጀሚርካ ድማ ነታ መዓልቲ ብምስጋና ጀምራ። ደሓር ነታ መዓልቲ ካብታ ካብ ዓራትካ ዝተንሳእካላ ህሞት ክሳብ ምሸት ንዘሎ ንጥፈታትካን መደባትካን ብስእለ ኣእምሮኻ ብጽሓዮ። ንኹሉ መደባትካ'ውን ኣስተማቕሮ። ብግብኡ ከም እትፍጽሞ ወሲድካ ድማ ብርእሰ ምትእምማን ንኣእምሮኻ ቃንዮ።

ኣብ 1951 ኣብ ሚልቦርን - ኣውስትራልያ ዝተወልደት ሮንዳ ባይርን፡ ሓያሎ መጻሓፍቲ ዘፍረየት ጸሓፊት እያ። ዝተፈላለዩ ኣብ ምህናጽ ስነ-ልቦና ዝሕግዙ ጽሑፋት ንኣንባቢ ኣበርኪታን ኣድናቖት ኣትሪፋን እያ። እታ "the secret the magic" እትብል መጽሓፋ እውን ናብ ሓያሎ ቋንቋታት ተተርጒማን ተነቢባን እያ።

# ስፖርት

መርሃዊ ገ/ሚካኤል

## ክረምታዊ ውድድራ ግራስ ሩት ይቕጽል



ኣብ መንነ 16 ንኡሳን ዞባታት ዞባ ማእከል ዝካየድ ዘሎ ውድድራት ግራስ ሩት ትማሊ ቀዳም ብውድድራት ዝተፋላለዩ ክሊ. ዕድመ ቀጺሉ።

በዚ. መሰረት ኣብ ትሕቲ 17 ዓመት ኩዕሶ እግሪ ኣቦሻውል ንተራሸሎ 2-ብ1፡ ፓራዲዞ ንሰረጀቓ 1-ብ0፡ ማእከል ከተማ ንኣርባዕተ ኣስመራ 3-ብ1፡ ጸጸራት ንሰምበል 5-ብ1፡ ገጀረት ንጉዳይፍ 3-ብ2፡ በርኽ ንኣኽርያ 3-ብ2፡ ማይተመናይ ንዕዳጋ ሓሙስ 1-ብ0፡ ገዛ ጥንዳ ንጋላ ኻፍሒ. ድማ 2-ብ1 ሰዒረንአን።

ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣኽርያ ንጋላ ኻፍሒ. 6-ብ0፡ ገጀረት ንተራሸሎ 4-ብ0፡ ፓራዲዞ ንጸጸራት 5-ብ1 ክሰንፈአን እንከለዋ፡ በርኽን ገዛ ጥንዳን ድማ 1-ብ1 ተፈላልየን።

ኣብ ኣትሌቲክስ ትሕቲ 17 ዓመት ናይ 400 ሜትሮ ደቂ ተባዕትዮ መጻረዪ ከኪይዱ እንከሎ፡ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ናይ ፍጻመ ውድድር ኣሰላሲለን። ዝተረኽበ ወጽኢት ድማ፡ ኤደን ሓደሽ ካብ ሰረጀቓ፡ ብዘን የናስ ካብ ጋላ ኻፍሒ. ከምኡ'ውን ሊሊያ ሓጎስ ካብ በርኽ፡ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ተርታ ሓዘን ውድድረን ዛዚመን።

ትሕቲ 13 ዓመት ናይ 100 ሜትሮ፡ ትሕቲ 15 ዓመት ድማ ናይ 200 ሜትሮ ብኽልተኡ ጾታ መጻረዪ ውድድራት ከኪይዱ እንከሎ፡ ኣብ 800 ሜትሮ ንፍጻመ ዝተወዳደሩ ድማ የናታን ፊሊሞን ጉዳይፍ፡ ማቲያስ ጸጋዮ ገጀረት፡ እሰይ ወልዱ ጉዳይፍ ብቐደም ተኸተል ዕወታት ደቂ ተባዕትዮ ኮይኖም። ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ሄርሜላ መሰ ካብ 4ተ ኣስመራ፡ ሚሬያም ኪዳ ካብ ጉዳይፍ፡ ዕምባ እስቲፋኖስ ድማ ካብ በርኽ ክሳብ ሳልሳይ ተርታ ብምሓዝ ተዓዊተን።

ክረምታዊ ውድድር "ግራስ ሩት" ሎሚ ሰንበት ኩዕሶ እግሪ ብናይ ትሕቲ 13 ዓመት ኣብ ኣርባዕተኡ ሜዳ ክቕጽል እንከሎ፡ ውድድር ኣትሌቲክስ ድማ ጸግሕ ሰኑይ ሰለስተ ኑሓሰ ብዝተፈላለየ ርሕቀትን ዕድመን ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ክካየድ ምዃኑ ህዝባዊ ርክባት ናይቲ ፈደረሽን ሓቢሩ።

## ማንቸስተር ኣብ ቀራና ውሳነ

ማንቸስተር ዩናይትድ ንጸጋማይ ተኸላኻላይ ኒውካስትል ዩናይትድ ልዊስ ሆል ንምዕዳግ ዝጸለመ መርመራ ተካይድ ምህላዋ መርበብ ሓበሬታ ስካይ ስፖርት ገሊጹ።

ዩናይትድ ኣብ ጸጋማይ ክንፊ ተኸላኻላይ ንምፍራም ኣብ ትጉብር ዘላ መርመራ፡ ዚ. ወዲ 21 ዓመት ተጻዋታይ ዝውዕል ማጠን ክፍሊት ንምምዃም'ያ ሓደሽ መስርሕ ተየ7ስ ዘሎ።

ምስ ክለቡ ኒውካስትል ናይ ሰለስተ ዓመት ውዕል ተረፍ ዘለዎ እንግሊዛዊ ልዊስ ሆል፡ ጋንታኡ ብቐሊሉ ክትለቆ ከም ዘይትኽእል እዩ ዝገለጽ። ኒውካስትል፡ ኣብ'ዚ. ናይ ክረምቲ ምዕዳግ ወቕቲ ንሰሙያት ተጻወትታ ናብ ዓበይቲ ክለባት ክትሸጦም ብምጽንሓ፡ ኣብ ዝመጽእ ሓደሽ ወቕቲ ስፖርት ከይትጸገም ሰግኣት ከም ዘለዋ ብዙሓት ይሰማምዑሉ።



ማንቸስተር ብወገና፡ ኣብ ዝመጽእ ወቕቲ ሓደሽ ተኸላኻላይ ንምፍራም ዘኽእላ ፋይናንሳዊ ዓቕሚ ኣብ ግምት ብምእታው እያ ንዋጋኢ. ንምፍራም ትሰርሕ ዘላ። ብሓፈሻ ዩናይትድ፡ ቅድሚ ምዝዛም መስኮት ምዕዳግ ተጻወትቲ፡ ኣብ ምክልኻልን ኣብ ምጥቃዕ ክተተኩር ኣለዋ ኣብ ዝበል ሓሳብ ተቐርቂራ ትርከብ።

ማንቸስተር፡ ተጻዋታያ ታይረል ማላሽያ ብጸዝወውር ድሕሪ ምኻዱ፡ እቲ እንኮን ቀዳማይ ናይ ጸጋም ተኸላኻሊያን ሉክ ሾው'ውን እንተኾነ ውዕሉ ክዛዘም ሓደ ዓመት ጥራይ ተሪፍዎ ብምህላው፡ ተካኢ. ኣብ ምንዳይ ብዕቱብ ክትሰርሓሉ ከም ዘለዋ'ዩም ምስታ ጋንታ ቀርበት ዘለዎም ወገናት ዝመኽሩ።

ልዊስ ሆል ድማ እቲ ብቐዳምነት ኣብ ዓይኒ'ዛ ጋንታ ብምእታው፡ ኣብ'ዚ. ክረምቲ ንምፍራሙ ስሙ ክርቋሕ ምጽንሑ ይሕበር።

ተኸላኻሊ. ናይታ ጋንታ ሃሪ ኣማስ ኑ ሃገፍ ክሻፍን እኳ. ተሰፋ እንተ ተኑበረሉ፡ ማንቸስተር ግና ንእኡ ዝኸውን ቦታ ከም ዘይብላ ብምሕባር፡ ካልእ ጋንታ ክደሊ. መኺሩ። ማንቸስተር ኑ ደኺሙ ከም ዘሎ ዝገገረሉ ዘሎ ምክልኻላ ንምትርናዕዶሱ ኑ ኣብ ወርሒ. ጥሪ 2025 ናብ ኣስቶንቪላ ጸሒሓ ድማ ናብ ባርስሎና ብልቓሕ ዝሰደደቶ ራሽፎርድ ንምምላስ ይሓይሽ ኣብ ዝበል ሕቶ ተቐርቂራ ትርከብ።

## "ብሓድሽ መንፈስ ክብገስ'የ" ፊል ፎደን

ኣከፋፋሊ. ማንቸስተር ሲቲ ፊል ፎደን፡ ኣብ ትሕቲ ኣሰልጣኒ. ኤንዞ ማሬስካ ብሓደሽ መንፈስ ናብ ጸወታ ንምምላስ ተበጊሱ ምህላዉ. ገሊጹ።

እዚ. ወዲ 26 ዓመት እንግሊዛዊ ኣከፋፋሊ፡ ኣብ 2023-2024 ንክለቡ 19 ሹቶታት ብምምዝጋብ ጸዋእ ፕሪምየር ሊግ ክትዓትር ልዑል ኣስተዋጽኦ ዝገበረ እዩ። ብሉጽ ተጻዋታይ ማሕበር ፕሮፈሽናል ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ከምኡ'ውን ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ሊግ ተባሂሉ ምሽላሙ'ውን ይዝከር።

ይኹን እምበር፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ኣብታ ጋንታ ብቐዓቱ ብምንቀልቋሉ ኣብ መዝበር ተቐሚጡ ክረአ እዩ ተገዲዱ። ፎደን ኣብ ዝሓለፈ. ዓመት ዓሰርተ ሹቶታት ከመዝግብ ከሎ፡ ኣብ ዝሓለፈ. 31 ጸወታታት ግን ምስ ክለቡ ይኹን ኣብ ሃገራዊት ጋንታኡ ሹቶ ከመዝግብ ኣይከኣለን።

እዚ. ከምዚ. ኢሉ እንከሎ፡ ዝሓለፈ. ወርሒ. ሲቲ ንዘቕረበትሉ ጠለብ ተቐቢሉ ንኣርባዕተ ዓመታት ብምፍራሙ፡ ክሳብ 2030 ኣብ ስታድዩም ኢትሓድ ክጸንሕ እዩ።

ፍርያት ኣካዳሚ ሲቲ ዝኾነ ፎደን ኻ ወዲ 17 ዓመት ከሎ ብዘርኣዮ ድንቂ ምንቅስቓስ ኣብ ዓይኒ ጓርድዮላ ብምእታው ምስ ቀዳመይቲ ጋንታ ከም እተጸንበረ ይፍለጥ። ምስዛ ጋንታ ኣብ 369 ጸወታታት ብምስታፍ፡ ሽዱሽተ ጸዋእ ፕሪመር ሊግ፡ ሓደ ግዜ ጸዋእ ሻምፒዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ከምኡ'ውን ክልተ ጸዋእ ኤፍኤ ካፕ ከም ዝዓተረ ሰነዳት የመልክቱ።



"ኣብ ትሕቲ ማሬስካ ጸቡቕ ዓመት ስፖርት ከም ዘሕልፍ ኣይጠራጠርን" ዝበለ ፎደን፡ ኣብ ዝሓለፈ. ዓመት ክሕመላሉ ዝጸንሐ ሓለፍ ዘለፍ ጉዕዙኡ ብሓደሽን ብሉጽን ታሪኽ ንምቕያሩ ከም ዝበገሰ ኣረዲኡ።

ፎደን ንኢጣልያዊ ኣሰልጣኒኡ ማሬስካ ሎሚ ዘይካነ ኣቐዲሙ ከምዝፈልጦ ብምጥቃስ፡ ሲቲን ማሬስካን ከምቲ ኣብ ልዕሊኡ እምነት ዘሕደሩ፡ ንሱ'ውን ብግደኡ ኣብ ዝለዓለ ጠርዚ. ዓወት ከበጽሖም ናይ ወትሩ ባህጉ ምዃኑ ኣተሓሳሰበ።

## ዩኤፋ ኣብ ልዕሊ. ኢንፋንቲኖ ክሲ. ክምስርት ወሲኑ



ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ (ዩኤፋ)፡ ኣብ ልዕሊ. ፊፋ ዝበሮ እምነት ምሉእ ብምሉእ ከምዝጠፍኣ ብምጥቃስ፡ ኣብ ልዕሊ. ፕረዚደንት ጃኒ ኢንፋንቲኖ ክሲ. ክምስረት ኣዊጁ።

እዚ. ኣዋጅ'ዚ፡ ድሕሪ'ቲ ፊፋ ብርክታት ዋንጫ ዓለም ናብ ውልቃውያን ኣውፊርቲ ክሸይጥ ከም ዝኽእል ምግላጹን ዚ. ሰዒቡ ብማሕበራት ኩዕሶ እግሪ ኢንፋንቲኖ ስልጣኑ ክሓድግ ዝድግፍ ጻውዒት ምቕራቡን እዩ።

እዚ. ከምዚ. ኢሉ እንከሎ፡ ፊፋ ኑ ብብዙሓት ማሕበራት ኩዕሶ እግሪ ተሪር ተቓውሞ ዝገጠሞ ብርኪ. ናይ ምሻጥ ኣካታዲ መደብ፡ ዝሓለፈ. ዓርቢ. ምሸት ብወግዒ. ከምዝፍረሶ ደይሊ. መይል ኣብ ገጹ ኣስፊሩ። በዚ. መንገዲ. ኣብሉ ድማ ፊፋ ናብ ሓሳብት ዩኤፋ ከም ዝተጸንበረ. ይቃላሕ ኣሎ።

እዚ. ካብ መላእ ዓለም ካብ ዝርከብ ሃገራት ኩዕሶ እግሪ ብጽምላ ተቓውሞ ዝረኸበ ውጥን፡ ኣብ ልዕሊ. ፕረዚደንት ኢንፋንቲኖ ተሪር ናይ ምጽራይ ስጉምቲ ክካየድ ድሮኺት ፈጢሩ ምህላዉ.'ውን ይንገር። እቲ ብጆሻ ኩሽነር ዝምራሕ ጉጅለ ብሕታዊ ኣውፊርቲ ኣብ ብርክታት ፊፋ ናይ 3.1 ቢልዮን ፓውንድ ብጽሒት ንክህልዎ እዩ መደብ ተታሒዙሉ ጸኒሑ።

ዩኤፋ፡ ፊፋ ንዋንጫ ዓለም ናብ ኢድ ውልቀ ሰባት ንምሻጥ ዝወጠኖ መደብ ምስራዙ ቅሉዕን ዘለገሰን ምዃኑ ብምግላጽ፡ ንኹሉም ኑ መደብ ዝተቓወሙ ደገፍቲ፡ ሊጋት፡ ክለባት፡ ተጻወትቲ፡ ውልቀሰባት፡ ማሕበራትን ኮንፈደረሽናትን ከምኡ'ውን ቀዳሞት ሚኒስተራት፡ መራሕቲ ሃገራትን ወሃብቲ ርእይቶን "ኩዕሶ እግሪ ናይ መሸጣ ከምዘይኮነ" ዝርአዩ ወገናት ኣመስጊኑ።

ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ(ዩዌፋ)፡ ኑ ኣብ ልዕሊ. ኢንፋንቲኖ ዝቐረበ ክሲ. መራሒ ትማሊ. ቀዳም ኣብ ዘውጽኦ ነዊሕ መግለጺ፡ ኣብ መራሕቲ ፊፋ እምነት ከም ዝሰኣነ ኣፍሊጡ። ብተወሳኺ. ኢንፋንቲኖ ኣብ 2016 ፕረዚደንት ፊፋ ንምዃን ንስኻ ኣብ ዝገበረሉ እዋን ዝሃቦ መደረ ብምጥቃስ መብጽዓኡ ብምጥሓሙ ከሲሱ።

በዚ. መሰረት፡ እቲ ንራብዓይ ግዜኡ ኣብ ኮንግረስ ፊፋ ክዕወት ትጸበት ገይሩ ዝጸንሐ ኢንፋንቲኖ፡ መጻኢኡ ኣብ ጠልጠል ክወድቕ ቀሲቡ ምህላዉ. ተንተንቲ ስፖርት ይሕብሩ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ብዝዕባ ምሻጥ ብርክታት ፊፋ ንውልቃውያን ሰብ ትካላትን ፋይናንስን ኣመልኪቱ ምስ ፕረዚደትን ፊፋ ዘካየዶ ርክብ እንተ ሃልዩ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ ምስ ኢንፋንቶና ዝኾነ ርክብ ከምዘየካየደ ገሊጹ። ይኹን እምበር፡ ፊፋ ዚ. ሓሳብ ብዘጽዕኖን ድፍኢትን ኣመሪካ ከተግብሮ ከምዝዘረቀ ብዙሓት ይሰማምዑ።

## ኒውካስትል ሉቃስ ሆርኒሰክ ንምፍራም ተሰማሚዓ



ኒውካስል ንሓላዊ ልዳት ፖርትጓላዊት ክለብ ብራጋ፡ ሉቃስ ሆርኒሰክ ንምዕዳግ ብ25 ሚልዮን ፓውንድ ከም እተሰማምዐት ተሓቢሩ።

ኒውካስል ምስ ክለብ ብራጋ ኣቐዲማ ክተካይዶ ዝጸንሐት ርክብ ሰለ ዝሰለጦ፡ ዚ. ወዲ 24 ዓመት ወዲ ቸክ ሪፓብሊክ ሓላዊ. ልዳት ብቐዋምነት ንምሓዝ በጺሓ።

በዚ. መሰረት፡ ኒውካስትል ንሉቃስ ቀዳማይ ሓላዊ. ልዳታ ንምግባር ክሳብ ሰነ 2031 ውዕል ብምቕራብ ምስ ክለቡ ብራጋ ብዛዕባ ክፍሊት ትዘራረብ ኣላ። ሉቃስ ኑ ኣብ መንጎ'ዘን ክለባት ዝጸንሐ ዘየሰማምዕ ናይ መልቀቒ ዋጋ ብናይ ሓባር ስምምዕ ኣብ መዕለቦ ምብጽሑ ከምዝሕለፍ ብምግላጽ፡ ንሕክምናዊ መርመራ ናብ ኒውካስትል ክገይሽ ፍቓድ ተዋሂብዎ ኣሎ።

ሓልዊ ልዳት ሉቃስ፡ ኣብ'ዚ. ክረምቲ ሓሙሻይ ተጻዋታይ ናብዛ እንግሊዛዊት ክለብ ዝተጸንበረ ኣባል ክኸውን እዩ። በዚ. ድማ፡ ማጠን ወጻኢታት'ዛ ጋንታ ናብ 140 ሚልዮን ፓውንድ ክብ ክበል እዩ።

## ቸልሲ ተበዲሃ

ትማሊ. ቀዳም ናይ ቅድመ ምጅማር ፕሪመር ሊግ ምሕዝነታዊ ግጥሚ ኣንጻር ቶተንሃም ዘካየደት ቸልሲ፡ ብንደሎ ተጻወትቲ ስፓርስ ተመኪታ። እቲ ኣብ ከተማ ሲድኒ ዝተኻየደ ምሕዝነታዊ ጸወታ ተኸላኻላይ ቶተንሃም ኬቪን ዳንሶ ኣብ ቀዳሞት ሰለስተ ደቓይቕ ብቐይሕ ካርድ ብምብራሩ ስፓርስ ንዝተረፈ. ግዜ ብንደሎ ተጻወትቲ ክጻወታ'ያ ተገዲዳ። ዳንሶን ኣብዛ ግጥም ኣብ ልዕሊ. ኣጥቃዓይ ቸልሲ ብራዚላዊ ጆኣው ፔርዶ ሓደገኛን ተመሪጹ. ዘይተካነ ኣገባብ ምክልኻል ድሕሪ ምጥቃሙ እዩ ተባሪሩ።




ኣብቲ 100 ሚልዮን ፓውንድ ወጻኢታት ዝተጉበረሉ ሳንደሮ ቶናሊ፡ ኣብ መበል 17 ደቒቕ መሪሕነት ዘትሓዝት ሹቶ ዘመዝገበሉ ግጥም፡ ስፓርስ ኣብ 92 ደቒቕ ብመንገዲ. ሪቻርሊሶን ሹቶ ብምውሳኻ 2-ብ1 ተዓዊታ። ቸልሲ. ድሕሪታ ኣብ መበል 21 ደቒቕ ካብ ኢስታኻኦ ዝረኸበታ ሹቶ ካልእ ብዘይ ምቁጻር፡ ብንደሎ ተጻወትቲ ስፓርስ ርእሳ ኣደኒና ክትወጽእ ተቐሲባ።

ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ ሰንተራል
ፋርማሲ በራኺ.
ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣፍሪቓ

ዕለት
02/08/2026

ጎደና
ጎደና ኖቶፋ ቁ.18-20፡ ፊት ከረን ሆቴል
ካብ. ፌደትታሲሮ ፊት ቶታል መዐደሊ. ነዳዲ.
ጎደና ማ.ት.ኣ-176 ቁ.25፡ ካብ. ሲነማ ዳንት

ቁ.ስልኪ.
120730
07147264
126003

ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ     ቁ.ቴሌፎን 127565